
# [illegible]

[illegible]

ሕዳር 1971 ዓ.ም.



[illegible]

# ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ።

## ንሕናን ዕላማናን ።

ካብ ነዊሕ እዋን ጀሚሩ ንሕና መን ምዃናን ርእይቶና ብዛዕባ ሓደ-ሓደ ፖለቲካዊ ኩነታት ናይ ሃገርናን ዝገልጽ ጽሑፋት በብግዜኡ ዘርጊሕና እኳ እንተነበርና፡ ካብ ቀሓዲ ግንዛበን መሳ-ራሕን ጽሑፋትና ናብቲ ዘድሊ ቦታታት ከምዘይበጽሐ ንርደኦን ንፈልጦን ኢና።

ሕጂ ነዚ ዓቢ ዕድላን ምቹእ ግዜን ረኺብና "ንሕናን ዕላማናን" ብዝብል ኣርእስቲ ኣነቅርቦ ታሪኻዊ ጽሑፍ፣ ኣገዳስነቱ ንጉዳይ ሃገርና ኤርትራን ህዝቢ ኤርትራን፣ ንደገፍትና ብፍላይ፡ ንህዝቢ ዓለም ድማ ብሓፈሻ ሚዛን ዘለዎ ስለ ዝኾነ፡ ሸለልትነት ከይወሰደ እናኣዘኻኸርናን እናኣጠንቀቕናን ንሕና መን ከምዝኾናን ምፍላጥ ጥራይ ዘይኮነስ ሃገርና ኤርትራን ህዝባን ገድሉን እንታይ ከምዝኾነ ክፈልጥ፡ ንገድሊ ተገዳሲ ብሩህን ኣድጋብን መልሲ ክምዘለዎ ነረጋግጽ ።

ንሕና ማለት እዞም ሕጂ ኣብ ቅድሜኹም ቀሪብና እንዛረብ ዘሎና ተጋደልቲ ኤርትራውያን እቶም ብመጋቢት 1969 ዓ.ም.ፈ. ካብ ም-ምሕድዳር "ቀያዲ ኣል ዓማ" ዝተፈለና ኢና። እወ ንሕና ዳርጋ ኩላትና ወይ መብዝሕትና ብትውልድን፡ ብባህልን፡ ብታሪኽን ክርስትያን ኢና። ብደገ ናይ ኩነታትና ህላዌ ዝርኢ እውን "ሃይማኖታውያን" እዮም ይብል ይኽውን፣ ዕላማና ዘይፈልጥ ከምኡ ምስ ዝብል ኣይተሓዘን እዩ ብምባል ብሸለልትነት ክንሓልፍ ስለዘይንደሊ ግን፡ መንነትናን ዕላማናን ክፈልጥ ንዝደሊ ንጽሑፍና ብምሉኡ ንኽንብቦ ሓደራ ንብል።

ብንባብን ብወረን ዘይኮነ እውን ብዛዕባና ግር ዝበሉ ነገራት ምስ ዝህሉ ክንርእዮን ክንፈልጦን ቀረባት ክምዝኾና ነረጋግጽ ።

ንሕና ንምንታይ ከምዚ መኾንና ፣ ንምንታይ ከምእተፈለናን፣ መድወሻ ትርጉም ርሕቀት ምኽንያቱ ንርደኦ እኳ እንተኾንና ተዓዘ-ብትና ተገዲስትና ፣ ክርስትያን ንምንታይ ተፈሊኹም ፣ ከመይ ኢሎም ተፈሊዮም? መዓስ ከ ተፈሊዮም ፣ እንታይ እዩ ዕላማኦም? እንታይ እዩ ድልየቶም? ሃይማኖታውያን ድዮም ሃገራውያን?

ተጋደልቲ ድዮም ምእመናን? መድሓርሓርቲ ድዮም ገስገስቲ? እንታይ .....? ከመይ ....? ስለምንታይ ...? እናበሉ ክምዝሓቱ ምስ ግዛእ ርእሶም ተማራሚሮም ኣጽገቢ መልሲ ክይረኸቡ ክም ዝሽገሩ ንግንዘቦ ኢና ። ንሱ ተረፉ ዝተዛወረ መልሲ ረኺ-ቦም ዝሓምዩናን ዝጸልኡናን ከምዘለዉ ኣይንስሕቶን ኢና ። ብዛዕባ ኩነታትና ሕቶታት ጥራይ ኣይኮነን ንሓተት፡ ርእይቶታት እውን ይወሃብ እዩ ። ብዙሓት ናህና ተመሊሶም "እንቋዕ

ደኣ ኣብ ኣስላም ተፈልዩ"፣ ገለ'ውን ኣንቋዕ ደኣ ተፈልዩ ክንደይ ኢሎም ደኣ ክጽመሙ" ሓደ-ሓደ ድማ "እዚኣቶም ሃይማ-ኖታውያን እዮም" እዚግ...... ኣቲግ... እናበሉ ኣብ ናይ ሕልሚ ዓለም ኣትዮም ዝተንተንዎ ርእይቶታት ፃህሉ ፃኹኑ። ካታ ንኣና ንምትሓል : ንምንኣድ : ንምፍርራሕ : ንምኽፋእ : ንምእሳም : ንምግዛእን ካልኦት ነንበይኑ ሽቶታት ዘለዎ ዕላማታትን ናብ ምምራሕ ዝወሃቦ ርእይቶታት ኣብ ቀጥዒ ናይቶም ብሃልቱ ይበዝሕ ይኸውን።

ንሓታቲ ዘጽግብ መልሲ ንመሃብ፣ ከታልሉና ንዝፍትኑ ካብ ድካሙ ክምዘቋርጽ ንምግባር፣ ንዝንእደና ናይ ምስጋና ቃል ንምቕራብ፣ ክገዝኣና ንዝፍትኑ መልክዕና ክምዘይንቅየር ንምርግጋጽ፣ ክእርመና ንዝፍትኑ ንደልዮ ሓሳባቱ ንምቕባል፣ ክ-ገዝኣና ንዝፍትኑ ዕንጸይቲ ወይ እንስሳ ክምዘይኮና ንምርግጋጽ፣ ናትና'ምበር ናይ ካልኦት ሓላፍነት ክምዘይኮነ ንርደኣ ኢና። እንተ-ፃነትና ዕላማናን ድማ ቅድሚ ኹሉ ሓታትን ለፍላፍን ንሕና ባዕላትና ኣጸቢቕና ስለ እንፈልጦ መንነትና ንምግላጽን ዕላማና ንምብራህን ናትና ሓላፍነት እምበር ናይ ካልኦት ክምዘይኮነ እናንፍለጥና፣ ጽሑፍና ጉሉሕ መረዳእታ ንኽኸውን ተስፋ ንገብር።

## ሓጺር መግለጺ ብዛዕባ ሃገርና ኤርትራን ሕብረተ-ሰባን

ንሕና ኤርትራውያን፣ ፍሉጥ ሕንጻ-ጻት ደብን፣ ፍሉይ ኤኮኖሚያዊ ትሕዝቶን፣ ፍሉይ ፖለቲ-ካዊ ምዕባለን፣ ፍሉይ ታሪኽን፣ ፍሉይ ባህልን ልምድን ናይ ዘለዎ ሃገር ህዝቢ ክምዝኾንና ማንም ኣይስሕቶን እዩ። ብባዕዳውያን ጨኮንትን : ኲራ ኩር ሃጸያት ብዝኾኑ መስፋሕፋሕቲ ኣፍሪቃውያን ንድሕሪት ተጉ-ቴቱ፣ ታሪኽና ተዘዊሩ፣ ቋንቋታትና ጠፊኡ፣ ባህልናን ልምድናን ብናይ ባዕዳውያን ተዓብሊሉ፣ ሰብኣዊ መሰል-ናን ክብረትናን ስለ እተጋህሰ ነዚ መሪር ጭኮና ንምድምሳስ ኣብ ነዊሕ ዓመታት ክንጋደል ዝጀመርና ህዝቢ ዓለም ዝምስክሮ እዩ። እዚ ሕጂ ኣንጻር ጭኮና መንግሥቲ ኢትዮጵያ እንገብሮ ዘሎና ተጋድሎ እውን መቐጸልታ ኤርትራዊ ተጋድሎና ኣንጻር ባዕዳዊ ጭኮና ብዕጥቂ ብረት እዩ። እዚ ሕጂ እንገብሮ ዘሎና መስዋ-እቲ ኣብ ጭኮና ኃይለ ስላሴን : ጉይቶቱን ወጺእና ናይ ሕብረተ-ሰብና ሓርነትን : ናይ ሃገርና ናጽነትን ረኺብና ህዝቢ ኤርትራ ርእሱ ክኢሉ ንኽግስግስ ብምሕላይ እዩ።

ብንግንዘቦ ዝግባኣና ግን ጭኮና ባዕዳዊ ግራይ ከምዘይኮነ እዩ 3
ባዕዳዊ ተባሂሉ ኖሩ ድማ ኣይውሰንን እዩ። ኣብ ውሽጢ ሓደ ሕብረተ-ሰብ እውን ጭኮናን ተጋድሎን ኣሎ። ሃብታም ኣብ ርእሲ ድኻ፣ ጐይታ ኣብ ርእሲ ጊላ፣ ሓያል ኣብ ርእሲ ድኹም፣ ሑመቕ ኣብ ርእሲ ዓዲ፣ ብሉይ ኣብ ርእሲ ሓድሽ ...... ወዘተ፡ ዝገብ-ርዎ ናይ ኢኮኖምን ፖለቲካን ጭኮና ኣሎ። ጭኮና ሙሉእ ሓ-ፈራ ተቓውሞ ስለ ዝረክብ ግን ድኻታትን ሰራሕተኛታትን ኣብ ርእሲ ሃብታማት፣ ጊላታት ኣብ ርእሲ ጐይቶት ክምዝትንስኡ፣ ዓዲ ኣንጻር ሑመቕ ክምዝዕጠቕ፣ ድኹማት ኣንጻር ሓያል ክምዝሓብሩ፣ ሓድሽ ኣብ ርእሲ ብሉይ ክምዝግንፍል ዝተራጋገጸ፡ ታሪኽ ዝምስክሮ እዩ ፣ ማለት ኣብ ሓደ ሕብረተ-ሰብ ዝርከቡ ብዓይነ-ቶም ጭኮናታት ፈሊጥካ ምስ ዝግንፍሉ ናይ ተጨኮንቲ ሓይሊ ቶኣዒሉ. ክም ዝብሕቆቖም ካብ ሰብኣዊ ዓቕሚ ሓሳብ ዝተሓፈነ ኣይ-ኮነን።

ኣብ ሓደ ሃገር ዝተዳላደለ ወይ ማዕረ ዝኾነ ሓርነት ናይ ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ናይቲ ሕብረ-ሰብ ክሳብ ዝርከብ ጭኮናን ተጋድ-ሎን ኣየቋርጽን እዩ ። ኣብ ኤርትራ ሕብረተ-ሰብ ፡ ሽሕ ኤርት-ራውያን ብሓፈሻ ዝመምር ታሪኽን ኢኮኖምያዊ ትሕዝቶን ፖለቲካዊ ምዕባለን ዝተቐራረበ ወይ ዝተዛመደ ቋንቋታትን ዓታን እንተሎና ክምሕብረተ ሰብ መጠን ብዙሕ ተቓራኒ ጠባያት ኣለዎ ። ንኣብነት እቲ ኣብዚ ኣውራ መንቀል ኣርእስትና ኮይኑ ዘሎ ሃይማኖታዊ ፍልልይ ዝመስል ዕምቈት ትርጉሙ ንምርዳእ ኣብ ክንዲ ኤርትራ፣ ኣብ ምስልምናን ፡ ክርስትናን ዝተኸፍለት እያ ምባል ፡ ንስኸ ኤርትራን ህዝባን መን ክምዝኾኑ መረሚርና ንፍለጥ ።

## ሀ. ጂኦግራፊካዊ ኣቀማምጣ።

ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያን፡ ሱዳንን ፡ ቀይሕ ባሕርን እትዳወብ ሃገር ብጂኦግራፊካዊ ኣቀማምጣ ብሓፈሻ ኣብ ከበሳን፡ ቈላን እት-ምቀል ሃገር ክትከውን እንከላ፡ ኩሉቲ ገምገም ባሕርን ምስ ሱዳን ዝዳወብ ምዕራባዊ ወገንን ምስ ቈላ፣ እቲ ምስ ኢትዮ-ጵያ ዝዳወብ ወገናት ድማ ክብ ዝበለ ኮይኑ ከበሳ ተባሂሉ ይጽዋዕ ። ኣብ ኤርትራ ሃይማኖታዊ ምስፍሕፋሕ ብሓፈሻ ምስቲ ጂኦግራፊካዊ ኣቀማምጣ ዝተኸፍለ ስለ ዝኾነ፣ እቶም ኣብ ከበሳ ዝቕመጡ ኤርትራውያን መብዝሕትኦም ኣብ ክርስትና ዝተጠመቑ ክኾኑ እንከለዉ ፡ እቶም ኣብ ቈላታት (መታሕት) ኤርትራ ዝቕመጡ ኤርትራውያን መብዛሕትኦም ወይ ዳርጋ ኩሎም ኣብ ምስልምና ዝኣምኑ እዮም ።



ተጋዳልቲ፡ ህ·ወ·ሓ·ት ነቲ፡ ህዝቢ፡ ናይ፡ ምሀሶ፡ ጸጋዩ፡ ክህቡ
ከለዉ፡ ዘርኢ፡ ብኽሊ።

ብቲ ኢጣልያውያን ገዛእቲ ዝሓንጸጽዎ፡ ኤርትራ ኣብ ሸሞንተ ኣውራጃታት ክትምቀል እንከላ ፡ ከበሳ ሓማሴንን፡ ሰራየን፡ ኣከለጉዛይን ዝጥርንፍ ኮይኑ ፡ እቲ ቆላታት ገምገም ባሕርን ሳ-ምሃር ፡ ሳሕል፡ ደንከል ተባሂሉ ፣ ምዕራባዊ ቆላታት ሰንሒትን ፡ ባርካን ይጽዋዕ። ስፍሓት ናይ ቆላታት ሰለስተ ርብዒ ካብ ምሉእ ስፍሓት ኤርትራ ክኸውን ከሎ፡ ከበሳ ሓደ ርብዒ ኣቢሉ ይኸውን። ጂኦግራፊካዊ ኣቀማምጣ ናይ ኤርትራ ዓቢ ስትራተጂካዊ ኣገዳስነት ስለ ዘለዎ፡ ባዕዳውያን ጨቆንቲ ብናይ ስስዐ ዓይኒ ከምዝጥምትዎ ኣብ ዓለም ብሩህ እዩ።

## ለ. ኤኮኖሚያዊ ትሕዝቶ።

ኤርትራ ብባህርያዊ ሃብቲ ናይ መሬትን፡ ዘራእትን፡ ማዕድና-ትን፡ እንስሳታትን.... ወዘተ፡ ርእሳ ዝኸኣለት ሃገር እያ እንተኾነት መብዛሕትኡ ህዝባ ኣብ ምዕባለ ዝረኸበ፡ ካብ ሕርሻን መጓሰ ከብትን ዝነብር ህዝቢ እዩ። ኩሉ ሃብቲ ሃገርና ብባዕዳውያን ተመዝሚዙ ስለ ዝኸይድ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ኤኮኖሚያዊ ምዕ-ባለ ናይ ሃገሩ ተሓሪሙ ኣብ ድኽነት ይነብር ኣሎ። እቲ ኣብ ከበሳ ዝረኸበ ህዝቢ ዝተማሓየሸ ሕብረተ-ሰብ ናይ ማሕረስ መናባብሮ ክህልዎ እንከሎ፡ እቶም ኣብ ገምገም ባሕርን ቆላ-ታትን ኤርትራ ዝነብሩ ዜጋታት ድማ ሰብኸሳግም ኮይኖም ካብ ቦታ ናብ ቦታ እናተጓዕዙ ዝነብሩ ህዝቢ እዮም። መሰረት ናይ ሕብረተ ሰባዊ ጥኦና ኤኮኖሚ ክምዝኾኑ መጠን ባዕዳውያን ጨቆንቲ ነቲ ካብ ኤርትራ ዝምዝምዎ ሃብቲ ከይተረፎም ብምባል፡ ንህዝብና ብ-ናይ ሃይማኖታቶም፡ ዓሌታውን፡ ወገናውን ፍልልይ እናተጠቐሙ ክፋ-ፊሎም ክምዘካዕጽሉን፡ የካዕጽሉ ክመዘሰዉን ታሪኽ ባዕሉ ዓቢ ምስክር እዩ።

## ሐ. ብዝሒ ህዝቢ።

እቲ ካብ ሰለስተ ሚልዮን ንላዕሊ ዝኸውን ህዝቢ ኤርትራ ብዝሑ ምስቲ ስፍሓት መሬቱ ዝተዛነቐ ኣይኮነን። እቲ ኣብ ከበሳ ዝረኸበ ህዝቢ ካብቲ ጸቢብ ስፍሓት መሬቱ ዘይኮነ ብዝሑ ካብ ፍርቂ ንላዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ይኸውን እዩ። መብዛሕትኡ ካብቲ ሰፊሕ ቆላታት ምዕራብን ገምገምን ጸሙእ ስለ ዝኾነ፡ እቶም ኣብኡ ዝቕመጡ ህዝቢ ዉሑዳት እዮም። ህዝቢ ኤር-ትራ ንምፍቃድ ዝተገብረ ሓድሽ ጻብጻብ'ኳ እንተዘየለ ከምቲ ብ1957 ዓ.ም.ፈ ዝተገብረ ጻብጻብ ብዝሒ ህዝቢ ኤርትራ

በብኣውራጃኡ ክምዚ ዝስዕብ እዩ ።

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| ሓማሴን | 24.7 | ካብ ሚእቲ ። | ሰንሒት | 8.3 | ካብ ሚእቲ ። |
| ሰራየ | 15.7 | ካብ ሚእቲ ። | ሳሕል | 7.9 | ካብ ሚእቲ ። |
| ኣከለ-ጉዛይ | 15.3 | ካብ ሚእቲ ። | ደንከል | 5.4 | ካብ ሚእቲ ። |
| ባርካ | 17.5 | ካብ ሚእቲ ። | ሰምሃር | 5.2 | ካብ ሚእቲ ። |

## መ. ፖለቲካዊ ምዕባለ ።

ኣብ ፖለቲካዊ ምዕባለ ሃገርና ኣድቶቹ ኣቢልና እንተተዓዘብና ገዕዲውያን ገዛእቲ ምስ ኮራኹሮም ናይ ረብሓኦም ግስጋሴ ሰለስ እና-በሎም ንኽኽዩዱ ዓዕሮምን ድኻምምን ስለ ዝነበረ ናይ ዕላማኦም ሸቶ ንምርካብ ሃይማኖት ቀንዲ መሳርሒ ኰይኑ ረኺብዎ። ባዚ ምኽንያት'ዚ እቲ ከም ካልኦት ህዝቢ ዓለም ኣማኢታት ዓመት ዝገበረ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ እኳኣር ገዕዲዊ ጭኮና፣ ካብ ዝ-ጀመረሉ - ካብ 1940 ንድሓር - ኣብ ክልተ ናይ ፖለቲካ ዕርድ-ታት ተገፋፊሉ። መብዛሕትኦም ክርስትያን "ኣንድነት" ምስ ኢትዮጵያ ክብሉ እንከለዉ፤ መብዛሕትኦም ኣስላም ድማ "ኣንድነት" ምስ ሱዳን ብምባል፤ ኣዳዲ ፍርዲ ሕቡራት መንግስታት ኰይኑ፤ ኣብ ዓዘቕቲ ወደቐ ደሳቕ ከምዘሎ ታሪኽ ፖለቲካዊ ምዕባለና ብሩህ መረዳእታ እዩ።

## ሠ. ቋንቋ ።

ኣብ ኤርትራ ካብ ትሽዓተ ዝበዝሑ ቋንቋታት'ዩ እንተሎ እተን ዝበዝሓ ህዝቢ ኤርትራ ዝዛረበለን ቋንቋታት ትግርኛን ትግረን እየን። እዘን ቋንቋታት እዚኣተን ካብ ግእዝ ዝተወርሳ ሰማውያን ቋንቋታት እየን። ካልኦት ካብ ግእዝ ዘይተወርሳ ቋንቋታት ፡ ቢለን፡ ቢጃ ፡ ባዛ ፡ ባርያ ፡ ሳሆ ፡ ደንከል እየን። ናይዘን ኣብ ኤርትራ ዝርከባ ቋንቋታት ዝርዝር'ኳ ከምዚ ዝስዕብ እንተኾነ ፡ ብሓፈሻ ንዛረርባ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ክልተ ዝተኸፍለ እዩ ። እቲ ኣብ ከበሳ ዝር-ከብ ህዝብና መብዛሕትኡ ቋንቋኡ ትግርኛ ክኸውን እንከሎ፡ መብዛሕትኡ ኣብ ገምገም ባሕርን ቈላን ዝርከብ ህዝብና ቋንቋ ትግረ እዩ ዝዛረብ ።

ትግርኛ ፤ – እቶም ነዛ ቋንቋ እዚኣ ዝውልዱዋ ደቀባት፡ ኣብ ከበሳ ኤርትራ ዝርከቡ፡ መብዛሕትኦም ኣብ ክርስትና ዝኣመኑ ክኾኑ እንከለዉ፡ ኣብ ምስልምና ዝኣምኑ ከም ጀበርቲ ደቂ ከበሳ'ውን ኣለዉ ። ትግርኛ ኣብ ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ትግራይ እትበሃል ሰሜናዊት ኣውራጃ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ህዝቢ እውን ይዛረብዋ እዮም ።

ሳሆ ፧ እቶም ነዛ ቋንቋ እዚኣ ዝውለዱላ ደቀባት ኣብ ምብራቓዊ ኣከለጉዛይ ሰሜናዊ ሰምሃር ዝርከቡ ሳሆ ዝብሃሉ ዓሌታት ክኾኑ እንከለዉ፡ መብዛሕትኦም ኣብ ምስልምና ዝኣምኑ'ኳ እንተኾኑ፡ በዚ ቋንቋ'ዚ ዝዛረቡ ውሑዳት ኣብ ክርስትና ዝኣምኑ ዓሌታት እውን ኣለዉ። እዛ ቋንቋ እዚኣ ከም ካልኦት ቋንቋታት ኣብ ኤርትራ ጥራይ ከይተሓጽረት፡ ኣብ ሰሜናዊ ዶብ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ዓሌታት እውን ይዛረብዋ እዮም።

ትግረ ፧ እቶም ነዛ ቋንቋ እዚኣ ዝውለዱላ ደቀባት ኣብ ምብራቓዊ ሰሜን ገማግምን ምዕራባዊ ቆላን ዝርከቡ እዮም። ዝበዝሑ ብብዝሖም ቋንቋ ትግረ ዝዛረቡ ደቀባት ኣብ ምስልምና ዝኣምኑ'ኳ እንተኾኑ ኣብ ክርስትና ዝኣምኑ ከም መንሳዕ ኣብ ምብራቓዊ ሰንሒት ዝርከቡ ደቀባት ይውለዱላ እዮም። ቋንቋ ትግረ ኣብ ምብራቓዊ ሱዳን ዝርከቡ ብዙሓት ሱዳናውያን እውን ይዛረብዋ እዮም።

ዓፋር ፧ እቶም ነዛ ቋንቋ እዚኣ ዝውለዱላ ደቀባት ኣብ ምብራቓዊ ኤርትራ ዝርከቡ ናይ ኣውራጃ ደንካል ተቐማጦ ክኾኑ፡ ኣብ ምስልምና ዝኣምኑ ህዝቢ እዮም። መብዛሕትኦም ነዛ ቋንቋ እዚኣ ዝዛረቡ ዓሌታት፡ እቲ ምስ ኣውራጃ ደንካል ዝዳወብ ወገን ኢትዮጵያን ኣብ ጅቡቲ ዝርከቡ ሓደ-ሓደ ዓሌታት እዮም።

ቢለን ፧ እቶም ነዛ ቋንቋ እዚኣ ዝውለዱላ ደቀባት፡ እቶም ቦጎስ ዝብሃሉ ኣብ ኣውራጃ ሰንሒት ዝርከቡ ዓሌታት ክኾኑ እንከለዉ፡ ፍርቆም ኣብ ምስልምና፡ ፍርቆም ኣብ ክርስትና ዝኣምኑ ዜጋታት እዮም። መሰረት ናይዚ ቋንቋ'ዚ ካብ ኣገው ስለ ዝኾነ፡ ነዚ ቋንቋ'ዚ ዝመሳሰል ዝዛረቡ ኣገው ዝበሃሉ ዓሌት እውን ኣብ ኢትዮጵያ ይርከቡ እዮም።

ቤጃ ፧ እቶም ነዛ ቋንቋ ዝውለዱላ ደቀባት እቶም ኣብ ሰሜናዊ ሳሕል፡ ምዕራባዊ ቆላን ዝርከቡ ቤጃ ዝብሃሉ ውሑዳት ዓሌታት ክኾኑ እንከለዉ፡ ኣብ ምስልምና ዝኣምኑ ዓሌት እዮም። መብዛሕትኦም ነዚ ቋንቋ'ዚ ዝዛረቡ ዓሌት ኣብ ምብራቓዊ ሱዳን ዝርከቡ ሱዳናውያን እዮም።

ባዛ ፧ እቶም ነዛ ቋንቋ እዚኣ ዝውለዱላ ደቀባት እቶም ባዜን ዝብሃሉ ዓሌት ክኾኑ እንከለዉ ኣብ ምዕራባዊ ቆላ /ኣብ መንጎ ጋሽን ሰቲትን/ ይርከቡ። ውሑዳት ኣብ ክርስትናን ምስልምናን ዝኣምኑ'ኳ እንተለዉ ዝበዝሑ ሃይማኖት ዘይብሎም እዮም።

ባርያ ፧ እቶም ነዛ ቋንቋ እዚኣ ዝውለዱላ ደቀባት እቶም ባርያ ዝብሃሉ ኣብ ምዕራባዊ ቆላ ኣብ ሰሜናዊ ጋሽ ዝርከቡ ከም

ገዚን ውሑዳት ፡ ኣብ ክርስትናን ምስልምናን ዝኣምኑ'ኳ እንተለዉ-
ዎም ዝበዝሑ ናይ ዝኾኑ ይኹን ሃይማኖት እምነት ዘይብሎም እዮም።

ብዘይካ እዘን ዝጠቐስናየን ቋንቋታትን ዝዛረቡለን ዓሌታትን ኣዝዮም ውሑዳት ዝኾኑ ኣብ ገምገም ባሕሪ ዝርከቡ ዓረብኛ ዝዛረቡ ዘይተፈቕሉ «ራሻይዳ» ዝብሃሉ ዓሌታት ኣለዉ። ኣብ ኤርትራ ብሓፈሻ ከም ምብዛሕ ናይ ቋንቋታትን ሓረጉን ፡ ህዝቢ ኤርትራ ሓደ ህዝቢ ክምምኻኑ መጠን ኣበይ ቦታታትን ኣብ ብዙሕ ኣውራጃታትን ብዙሓት ዓሌታት ካብ ሓደ-ሓደ ዝበዝሑ ቋንቋታት እናዘውተሩ ክራደኡን ክሰማምዑን ዝኽእሉ ህዝቢ እዮም ። ካብዘን ዝጠቀስናየን ኤርትራውያን ቋንቋታት ፡ እተን ናይ ገዛእ ርእሰን ጽሑፍ ዘለወን ቋንቋታት ትግርኛን ትግረን እየን። እዘን ቋንቋታት እዚኣተን ካብ ግእዝ ዝተወርሳ ስለ ዝኾና ፊደላተን'ውን ግዕዝ እዩ። ቋንቋ ግዕዝ ቅድሚ ኣማኢታት ዓመታት ዝዝረብን ዝጽሓፍን ዝነበረ ቋንቋ እዩ ። ግዕዝ ንትግርኛን ትግረን ሓዲጉ ወይ ገዲፉ ቀንዲ መስረቱ ቤተ ክርስትያናትን ቅዱስ መጻሕፍትን ኮይኑ ስለ ዝተረፈ በሓቁ እዩ ። እዚ ማለት ኣድባራትን ቤተ ክርስትያናትን ድኅ እየን ዝጥቀማሉ እምበር ኣብ ዕለታዊ መነባብርኦ ዘዘውትሮን ዝጥቀሙሉንሲ የለን ። ከም ሃይማኖታዊ ቋንቋታት ጥራይ ዘይኮነ ከም ታሪኻዊ ቋንቋ ፡ ሚዛን ዘለዎ ቋንቋ እዩ ። ናይ ቋንቋታት ሽግር ንምፍታሕ ሕቡራት መንግሥታት ሓሳፍነት ወሲዱ ፡ ኩሉ ውሳኔታት ኣብ ሃይማኖት ፍልልይ የመርኩስ ስለ ዝነበረ ፡ ነቶም ኣብ ክርስትና ዝኣምኑ ብትግርኛ ንምምሃር ፡ ነቶም ኣብ ምስልምና ዝኣምኑ ድማ ብዓረብኛ ንምምሃር ፣ ወግዓውያን ቋንቋታት ክኾና ስለ ዝደንገገ ፡ መሰረት ናይ ኤርትራ ወግዓውያን ቋንቋታት ትግርኛን ዓረብኛን ኮና ።

## ረ. ባህልን ልምድን ።

ኣብ ባህልን ልምድን እንተደኣ መጺእና እውን ህዝቢ ኤርትራ ብብዓሌቱን ብብኣውራጃኡን ብብቋንቋኡን ዝተፈላለየ ባህልን ልምድን'ኳ እንተለዎ ፡ ሓፈሻዊ ፍልልይ ባህልን ልምድን ኤርትራዊ ሕብረተሰብ ምስቲ ኤኮኖሚያዊ ትሕዝቶን ፡ ፖለቲካዊ ምዕባለን ፡ ታሪኽን ፡ ጂኦግራፊካዊ ኣቀፋፍላን ናይ ሃይማኖት እምነትን ዝተኣሳሰረ ስለ ዝኾነ ፡ እቲ ኣብ ከበሳ ዝርከብ ህዝቢ ዝተቐራረበ ባህልን ልምድን ክህልዎ እንከሎ እቲ ኣብ ቆላታት ዝርከብ ህዝቢ እውን ነናቱ ባህልን ልምድን'ኳ ሓደ እንተዘይኮነ ብሃይማኖት ዝተጠምረ ወይ ዝተቐራረበ ባህልን ልምድን ኣለዎ።

ህዝቢ ኤርትራ ከም ኩሎም ህዝብታት ናይ ካልኦት ሃገራት ፡ በዚ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ጠቒስናዮ ዘሎና ኣስራርዓ ብዙሕ ናይ ሕብረተሰብ ፍልልይ እኳ እንተሎ ፡ ናይ ሓድሕድ ዝምድና ታሪኻን ኤኮኖሚያዊ ትሕዝቶን


ፖለቲካዊ ምዕባለን፡ ቋንቋን፡ ባህልን፡ ልምድን ካብ ነዊሕ ዓመታት ትሕቲ ባዕዳዊ ምኩና ዝተሰቓቐሉን፡ ዝተዳቐሉን፡ ዝተጣመመሉን መሰረት ስለ ዘለዎ ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ፈጺሙ ክፋላለን ክመቓቀላን ዝኽእላ ሕብረ-ተ-ሰብ ኣይኮናን።

እቲ ኣብ ከበሳ ዝርከብ ህዝቢ፡ ምስቶም ኣብ ኢትዮጵያ ዝር-ከቡ ክርስትያን ሃይማኖታዊ ዝምድና ይህልዎ ይኽውን፡ ከምኡ እውን ምስ ካም ትግራይ ዝኣመሰለ፡ ምስ ኤርትራ ዝደወብ ኣውራጃታት ብቋንቋ /ትግርኛ/ ብሓደ-ሓደ ናይ ባህልን ልምድን ጠባያትን ይቃራ-ረብ ይኽውን። ከምቲ ኣብ ታሪኽ ዝዝንቶ እውን ምስቲ ብሉይ ናይ ኣኽሱም ንግስነት ዝተኣሳሰረ ታሪኽ ይህልዎ።

ከምኡ'ውን እቲ ምስ ሃገር ሱዳን ዝዳወብ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብሃይማኖትን፡ ብቋንቋን፡ ብሓደ-ሓደ ናይ ባህልን ልምድን ጠባያት፡ ከምኡ'ውን ብብሉይ ታሪኽ፡ ምስቶም ኣብ ምብራቕ ዝርከቡ ዓሌታት ሃገር ሱዳን ይዛመዱን ይቃራረብን ይኽውን።

እቲ ኣብ ገምገም ባሕሪ ኤርትራ ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ'ውን፡ ብባሕሪ ንዝመጽእ ባህልን ልምድን ቀሪቡ ስለ ዝኾነ፡ ካብ ኣብ ካልእ ቦታታት ኤርትራ ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ፡ ምስ ስግር ባሕሪ ዝርከቡ ሃገራት ኣዕራብ ዝበለጸ ፍልጦ ይህልዎ ይኽውን።

ኣብ ኣፍሪቃዊት ኤርትራ ዘይኮነ ጥራይ፡ ኣብ ምሉእ ዓለም ብሓፈሻ፡ ናይ ኣብ ዶብ ዝርከቡ ህዝብታት ዝምድናን ምቅርራብን ካብቲ ናይቲ ሃገር ውሽጣዊ ዝምድናን ምቅርራብን፡ ዝሰፍሐን ዝበርት-ዐን ስለ ዝኾነ ግን እቲ ኣብ ዶብ ዝርከብ ተመሳሳሊ ጠባያት ናይ ተዳወብቲ ሃገራት፡ ንሓንቲ ሃገር ሽራርፍካ ምምቃል ዝበቅዕ ኣብነት ኣይኮናን። ኤርትራ ሃገርና ድማ ከምኡ ሓንቲ ኤርትራ ኮይና ድኣ እያ እትነ-ብር እምበር፡ ምስ ኢትዮጵያ ወይ ምስ ሱዳን ተሸራሪፋ እትምቀል ሃገር ኣይኮነትን። እቲ ኣብ ጥቓ ሱዳን ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ህዝቢ ሱዳን ብምሉኡ እንተኣጠማመትናዮ ኣዝዩ ዝተረሓሓቐ ህዝቢ እዩ። ከምኡ እውን እቲ ኣብ ጥቓ ዶብ ኢትዮጵያ ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብምሉኡ እንተ ኣጠማመትናዮ ኣዝዩ ዝተረሓሓቐ ህዝቢ እዩ። ከምቲ ኣብ ኤርትራ ሃገርና ዘሎ ጂኦግራፊካዊ፡ ኢኮኖሚያዊ'ውን፡ ሃይ-ማኖታውን፡ ቋንቋውን፡ ዓሌታውን ፍልልይ፡ ኣብ ኢትዮጵያን፡ ሱዳንን'ውን ኣሎ። ብዝያዳ ኣብኡ'ሲ ድኣ እንተዘይበዚሑን እንተዘይገደደን። ብሉይ ታሪኽ እንተደኣ ዘኪርና ምስ'ዚ ዘሎና ክፋል ዘመን ፈጺሙ ኣይሳነብን እዩ። ንዓከም ብምሉኡ በቲ ዝኣረገ ናይ ኣማኢታት ዓ-መታት ታሪኽን ቅድን ተመሊስና፡ ብሓድሽ ጂኦግራፊካዊ ሕንጻጽ ሃገራት እንተንከፋፍሎ፡ ካብ ሓደስቲ ሃገራት ዝቖመ ሓድሽ ዓለም ምፍጣርና



ተጋዳላይ፡ ህ.ግ.ሓ.ኤ ንደቂ ኣንስቲ፡ ቆልዑ፡ ናይ፡ ገጠርን
ትምህርቲ፡ ክህብ፡ ከሎ፡፡

ነርና። ብሕልፊ ኣብ ኣፍሪቃ ብብሉፅ ታሪኽ ኣዚና ክፃርጣቕና ናይ ውሑዳት ኣማኢታት ዓመታት ታሪኽ ካሃሚድና ሃገራት ክነቕውም እንተ-ንፍትን ኣብ ኣሸሓት ዓሌታትን ጉጅለታትን ዝተበተፈላት ክፍለ ዓለም ኩይና ምርኽብናያ። ብሓጺ ቃል ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሕብረተ ሰባዊ ፍልልይ፡ ኣብ ካልኦት ሃገራት ዘሎ ልምድን ንብረን ባህሪ ስለ ዘይኮነ ዘሐፍረን ንሓድነት ሓንቲ ኤርትራ ዘሰግእን ኣይኮነን። እቲ ኣውራ ክነብርሆ ዝፈተኑና፡ ሃይማኖት መሳርሒ ጥኾና በሊጽን ድኻ ኣምበር፡ ሃይማኖት ንበይኑ ጥራይ መንቀሊ ተጋድሎ ንሓርነት ሃገር ክምዘይኮነ ንምርግጋጽ ኣዩ። ማለት ኩሉ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ፡ ሃይማኖት ሕብረተ-ሰባዊ ፍልልይ፡ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ሃይማኖታዊ እዩ ንምባል ይከኣል ድዩ? ናይ ብሓቂ እንተይኻ ተገንዚብናዮ፡ ሃይማኖት ሓደ ካብቲ ካብ ዓሰርተ ዝበዝሑ ናይ ኤርትራዊ ሕብረተሰብ ጠባያት ድኣ እዩም-እምበር፡ ኩሉ ኣብ ኤርትራ ዝርከብ ፍልልይ ወይ ጭኾና ወይ ናይ ተጋድሎ ንቕሎ፡ ሃይማኖታዊ እዩ ኢልካ ምዝራብ፡ ዕጋር ፍርዲ እዩ። እቲ ብብዝሒ ጠባያት ኣብ ክልተ ክፍልዕ ዝኽእል ኤርትራዊ ሕብረተ-ሰብ፡ ነናቱ ክልተ ሃይማኖት ስለ ዘለዎ ግን እቲ ዘሎ ፍልልይ ናይ ኣለኻምን ክርስትያንን ጥራይ እዩ ዝመስል። እዚ ናይ ሃይማኖት ነገር ኣውራ ደሚቑ ዝርኣናዮ ድማ፡ ባዕዳውያን መግዛእቲ፡ ተበለጽቲ ደቂ ሃገርና ንምእንቲ ብሕታዊ ረብሓኦም ዘጋንንዎ ክምዝኾኑ ክንርድኦን ክንግንዘቦን ይግባእ።

ቀንዲ ዕላማና ናይዚ ኣብ ላዕሊ ተዘርዘረ ዘሎ ትንታኔና፡ መሰረት ናይ ኤርትራ ሕብረተሰባዊ ፍልልይ ሃይማኖት ከምዘይኮነን፡ ሓድነት ሓንቲ ኤርትራ ንምብራህን ንምርዳእን እዩ። ነዚ ዝዘርዘርናዮ ዘሎና ሓቂ ካሉ ዝብል ወይ ሃገር ወይ ወጻእተኛ ግን፡ ዘይፈልጥ ወይ በዲለኛ ወይ መሰፋሕፍሒ እዩ። ናብ ቀንዲ ኣርእስትና ክንምለስ፡ እዚ ካብ ኩሉ ድኹ ናይዝም ሕጂ እንዛረበ ዘሎና ተጋዲሎቲ መፍለዪ ዋና ምኽንያት እንታይ ኮን ይኸውን? መሰረት ምኽንያት መፍለይና ድማ፡ ካብ ምምስራት ጀብሃ ወይ ሰልፊ ናጽነት ኤርትራ ዝጀመረ ነዊሕ ታሪኽ ስለ ዘይኮነ፡ ካብ 1961 ዓ.ም.ፈ. ጀሚርና ኣሕጽር ኣሕጽር ኣቢልና ክንገልጾ ኢና።

ሀ/ ኣብ ገድላዊ መትከላት ዝተመስረተ፡ ፍሉጥ ፖለቲካዊ ሕንጻጽ ዘይብሉ ተጋድሎ ኣብ ዓወት ክምዘይበጽሕ ተጋዲሉ ዓለም ከመስኪርዎ እዩ። ብዘይፍሉጥ መስመር ጠበንጃ ሒዝካ ምኹብላልን ምዕትቃስን ናይ ክንቱ ድኻም ክም ዝኾነ'ውን ኤርትራዊ ተመክሮ ዓቢ መምህር እዩ።

ተጋድሎ ብዕጥቂ ብረት ኣብ 1961 ዓ.ም.ፈ ብዘይ

ፍሉጥ ፖለቲካዊ ሕንጻጽ ብጒነጽ ዝተጀመረ ተጋድሎ ከም ዝኾነ ብዙሓት ኤርትራውያን ተዛሪቦሙሉ እዮም። እቶም ብ61 ንጅብሃ ዝጀመሩ ወይ ዝመስረቱ ኤርትራውያን ናይ ሃገሮም ኤርትራን ፡ ናይ ሕብረሰቦምን ኩነታት ዝኻኽለ መጽናዕቲ ከይገበሩ ብዘይገድሳዊ ሕንጻጻትን መተከኻትን፡ ብዘይፍሉጥ መደባትን ስራሕን፡ ፖለቲካዊ መሪሕ ዘይብሉ ናይ ተጋድሎ ነጋሪት ሃረሙ።

ለ/ ኩብኩብ ምስልምና።

ብቑዕ ገድላዊ ሕንጻጻትን መተከኻትን ዘይምንባሩ፡ ብቑዕ ገድላዊ መሪሕነት ካብ ምስኣን ምኽንያት ማንም ኣይስሕቶን እዩ። እቶም ነቲ ተጋድሎ'ዚ ዝጀመሩ መራሕቲ ንተጋደልቶም ሃገራዊ፡ ትርጉም ምሃብ ጽያፍ ኮይኑ ስለ ዝተሰመዖም ፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራን ኣብ ሃገራት ዓረብን ናይ ምስልምና ስብከት ኣማዕቢሎም ሓይሊ ንምፍጣር ዝሓይሸ መንገዲ ኮይኑ ስለ ዝተራኣዮም መደባት ስራሓም ኣብ ውሽጥን ፡ ኣብ ወጻእን ከፋፊሎም ብስብከት ምስልምና ጠመሩዋ።

እቶም ዓበይቲ ወይ ራእሳታት ጀብሃ ዝለዓሉ ስልጣን ኮይኖም ናይ ወጻኢ ሓላፍነት ተሸኪሞም ናብተን ብትካለ ምስልምና ዝምርሓ ሃገራት ድርጅታትን እናኸዱ "ንሕና ኣስላም ኣሕዋትኩም" እቲ ሃይለ ስላሴ ዝበሃል ናይ ሓበሻ ንጉስ ክርስትያን ፡ ነቲ 80% (ካብ ሚእቲ) ዝበዝሐ ህዝብና፡ ህዝቢ ኣስላም ኤርትራ ይጭፍጭፎ ስለ ዘሎ፡ ነዚ ናይ ክርስትና ምስፍሕፋሕ ክንቃወሞ፡ ናትኩም ናይ ኣስላም ኣሕዋትና ሓገዝ የድልየና እዩ፡ ብምባል፡ ድንጋጽን ሓገዝን ምስልምና ሓተቱ። ብስብከት ምስልምና ዝወጸ ሓገዝ ሓንጎፋይ ኢሎም ብምቕባሎም ድማ ንሰ ፊሎም ኣስደማሚ መልክዕ ሃቡዎ።

እቶም ጠበናጁ ተሸኪሞም ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዝተኾልሉ ዝነበሩ ሰዓብቶም ድማ፡ ከምኡ ነቲ ገርሂ ዝነበረ ህዝቢ፡ እቲ ቅድም መጺኡ ዝነበረ የውሃንስ ዝበሃል፡ ምስልምና ዘጥፈአ፡ ክርስትና ዘስፋሕፋሐ ንጉስ ሓበሻ ትፈልጥዎ'ዶ? ...... እዚ ሕጂ ነጊሱ ዘሎ ሃይለስላሴ ወዲ-ወዱ ንየውሃንስ እዩ። ከምቲ ኣባሓጉኡ ዝገበሮ፡ ሃይማኖትኩም፡ ሃይማኖት ምስልምና ንምጥፋእ ዝተላዓለ "ካፊር" እዩ። ንሕና ድማ ንዑኡ ንምቅዋም ዝተሰዓለና "ጅሃድውያን" ናይ ምስልምና ለኣኽቲ ኢና። ገድልና ድማ "ጅሃድ ፊ ሰቢል ኣላህ (ቅዱስ ኲናት) እዩ፤ እናበሉ ብዘየዳግም ካብ ሃገራዊ መስመር ዝረሓቐ ስብከት መሪዞም፡ ንህዝብና ሃገር ከይፈልዩ፡ ክርስትናይ ንዝኾነ ኩሉ ከምዝጸልኡ ገበሩዎ። ኤርትራዊ ክርስትናይ ከይተረፈ እውን "ካፊር" ኣረመን ወይ ኩሓዲ እናተባህለ ከምድካኪ ተቖጽረ። እዚ ከይበስዕ ዝኣንፈ ህዝብና ኣስላም እቲ ዝነበሮ ሙኹና . ሃይማኖታዊ ሙኹና

ጥራይ መሲልዎ ደድሕሪ መራሕቲ "ጅሃድ ፈ ሲበል ኣላህ" ክብል ተላዕለ። እቲ ብዛዕባ ስብከት ጅሃዳውያን ዘይፈልጥ ዝነበረ ህዝቢ ብሓፈሻ፡ ከምቲ ቅድሚ ፈደረሽን ዝነበረ ፍልልይ ኩይኑ፡ እቲ ብባዕዲውያን ዝግበር ዝነበረ ለገጨ ተረፈኹዎ ስለ ዝነበረ ብብዙሕዎ ወዲ ዓወተ ዝኣበለ ደሃይ ክሰምዕ ኣንከሎ፡ ብንዱህ ሃገራዊ መንፈስ ወግሐ-ጸብሐ ዓብቲ 1961 ዓ.ም.ፈ ዝተወቅዐ ነጋሪት የቃልብ ነበረ። ነዚ ሃገራዊ ስምዒት እሕዲሩ ዓብቲ ናይ ዕጥቂ ብረት ተጋድሎ ሃረር ዘብሎ ዝነበረ ምኽንያት ድማ ተመኩሮ ናይቲ ካብ 1950-1961 ዝተገብረ ፖለቲካዊ ምንቅስቃስ እዩ። እዚ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ'ዚ ፈጺሙ ካብ ሂዩማዊታዊ ፍልልፍ ዝረሓቐ፡ ኣስላማይ ክርስታናይ፡ ወዲ ከበሳን ወዲ ቁላን ተሓቛቚሎም ዝገብርዎ ዝነበሩ ናይ ሓባር ተጋድሎ ስለ ዝነበረ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብሲልዎን፡ ኣስሚሩዎን ከምዝነበረ ዝዝከር እዩ። ምስ እዚ ሃረርታ'ዚ ኩሉ ኤርትራዊ ናብዚ ተጋድሎ'ዚ ክሰተፍ ተዓጥቀ። ብሕልናን፡ ብግብርን፡ ኣብ ኩሉ ቦታታት ኤርትራ፡ ኤርትራውያን ንተጋድሎ በዓል ዓወት ይገብሮም'ኳ ይረኣዩ እንተነበሩ፡ እቲ ኣብ ባርካ ብዓል ዓወት ዝነበርዎ፡ ዝተሰለፈ መብዛሕትኡ ወይ ዳርጋ ኩሉ ኣስላም እዩ ዝነበረ። ህዝቢ ከበሳ ዘይተሳተፈሉ ምኽንያት፡ ጀኦግራፊካዊ ጥራይ ድኻ እዩ ክብሃሉን ዝኽእል እምበር፡ "ህዝቢ ከበሳ ብክስታም ዝተጀመረ ገድሊ ኮይኑ እዩ ዘይተሳተፈሉ" ዝበሃል ርእይቶ ካብ ሓቂ ዝዘንበለ ኣዘራርባ እዩ። እዚ ተካፈልነትዚ ማለት ናይ ዕጥቂ ብረት ተጋድሎ፡ ሚዛን ክይቀየረ እናተሰነን እናበርተዐ ክሳብ 1965 ዓ.ም.ፈ ቀጸለ። እቲ ኣብ ውሽጢ "ጀብሃ" ዝግበር ዝነበረ ናይ ምስልምና ስብከት ግን ኣየቋረጸን።

ሐ/ ዓሌታዊ ፍልለይ።

እቶም ኣብ ሜዳ ተሰሊፎም ዝነበሩ ሰባት መብዛሕትኦም ኣስላም ብምንባሮም'ሲ ተጦርነፎም ሐዘይ ፍልለይ ብስብከት ምስልምና ጸኒዖም ይኽዱ ነይሮም'ዶ? ኢልና ምስ እንሓትት ምርልባት ዘደንቅ መልሲ ምርካብና። ኣብ ዝኾነ ደኹን እኩብ ህዝቢ ናይ ሕብረተ-ሰብ፡ ናይ ሓደ ወይ ውሑዳት ሰባት በለጽ ምስ ናይ ብዙሓት ድልየት ስለዘየሳኒ እቶም ዝተሰለፉ ኤርትራውያን ድማ ኣቕሎኦም እሩዎም ዝኾነ ሃገራዊ መስመር ዘይነበር ኣብ ርእሲ ምኽኑ፡ እቢዳዝሑ ብዝኽደ መጠን፡ "ኣነ ክርኤ፡ ኣነ ክርኤ" ብምባል ተፋላለዩም፡ እቲ ኣብ ትሕቲኦም ዝነበረ ሓይሊ ናይ ድልየቶም መሳርሒ ንምግባር ክማሳሓቱ ጀመሩ። እቲ ንድልየቶም ዘርከኹ ጥበብ ዓሌታዊ ፍልለይ ምኻኑ ተገንዚቦም፡ ነቲ ዝነበረ ሐይሊ፡ ብዓሌታውን፡ ወገናውን ስብከት ክፋፍሎም ብርቱዕ ምስሕሓብ ፈጠሩ። እቶም ኣብ ወጻኢ

ዝነበሩ ራእስታት፡ ናይ ብሓቂ ድሌቶም ኣግሂዱ ዘይገልጽ ጉርሒ
እንተነበሮም ነቲ ኣብ ውሽጢ ዝነበረ ምስሕሓብ ፍታሕ ዝፈጠሩሉ
ንኽመስሉ፡ ኣብ መወዳእታ 1965 ዓ.ም.ፈ. ነቲ ዝነበረ ሓይሊ
ኣብ ብዙሕ ክፍልታት ንምግዛእ ካብ ቤት መንግሥቶም ንሜዳ ኣኽ-
ተውዎ። ነቲ ዝነበረ ሓይሊ ኣብ ኣርባዕተ መቓቒሎሞ። ነዚ
ክፍልታት'ዚ ክመቓቕሎም ዝነበሮም ቀንዲ ዕላማ፡ ናይ ዓሌታት
ምስሕሓብ ንዝፈጠሩ እንደራሴታት ካህዲኦም ናይ ገዛእ ርእሶም
ሓይሊ ወይ ናይ ነፍስ ወከፍ ሰዓቢ ንምጥራይ እዩ። ንሳቶም ብ
ኣፎም ክምዝብልዎ ግን፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ሓደ ቦታ ምስራሕ፡
ሓይልታትካ ዘርጊሕካ፡ ናይ ዕዮ ምስፍሕፋሕ እዩ። ኣስፋሕፊሕካ
ንህዝቢ ምርዳእን ምስላፍን ጽቡቕ እዩ። እቲ ምስፍሕፋሕ ግን
ብስሩዕ መደብ፡ ዓሚቕ መጽናዕቲ ናይ ኤርትራዊ ሕብረተ ሰብ ገበ-
ርካ፡ ከምኡ'ውን ፍሉይ ፖለቲካዊን ወተሃደራዊን ኣስተራተጂ
ሓንጺጽካ ኣብ ምቕጻል ግዜን ኩነታትን በብሓደ ኣናሰጐምካ ዝግ-
በር ፍና እምበር ኣዝዩ ውሑድ ንዝኾኑ ሓይልታት ኣብ ኣርባ-
ዕተ ክፍልታት መቓቒልካ፡ ንዓኻ ባርካ፡ ንዓኻ ሰንሒት፡ ንዓኻ
ሓማሴን፡ ሰራየን፡ ኣከለጉዛይን፡ ንዓኻ ሰምሃርን፡ደንከልን፡ ኢልካ
ዝግበር ኣቓርሳ እንጀራ ዝግበር ኣይኮነን። ብሓጺሩ እቲ ብ
1965 ዓ.ም.ፈ. ዝተገብረ ናይ ሓይልታት ምምቕቓል ንብሕ-
ታዊ ረብሓ ናይ ሓደ ክልተ ሰባት ዝተገብረ ጸረ ህዝባዊ ቅዲ
ኲናት ዝኾነ መደብ ከምዝነበረ ንርዳእ።

መ/ ብሓፈሻ ኣዘራርባ፡ ህዝቢ ከበሳ ወይ ህዝቢ ክርስትያን፡ ብ
ቀጥታ ማዕረ ኣቶም ኣስላም'ኳ እንተዘይ በዝሒ ተሳታፍነቱ ኣብዚ
ዕጥቃዊ ተጋድሎ እናበርከተ ከሎ፡ በቲ ዝነበሮ ቀጥታ ሽዑን ኣብኡን
ዝነበራ ክፍልታት ፋሕ ኢሉ ይሰርሕ ነበረ። ከም ሓደ ጉዚ ኤርትራዊ
ሕብረተ ሰብ፡ ብተራኡ ኣብ "ጀብሃ" ክርዳእ ብዝጀመረ ድማ ሓደ ርእይቶ
ኣብ ርእሱ ተሰርጸ። እተን ኣርባዕተ ክፍልታት ብዓሌታዊ መትከላት
ተመቒለን፡ ንህዝቢ ወዲ ዓሌቱ እዩ ዘሰልፍ፡ ብዝብል ዘንባለ እምነት
ተሃኒጸን ስለዝነበራ፡ መራሒ ክፍሊ ባርካ፡ ወዲ ባርካ ኰይኑ ምስ ደቂ
ባርካ ኣብ ባርካ፡ መራሒ ሰንሒትን ሳሕልን ወዲ ሰንሒት ኰይኑ ምስ
ደቂ ሰንሒትን ሳሕልን፡ ኣብ ሰንሒትን ሳሕልን፡ መራሒ.... ወዘተ
ብምዃኑ፡ እሞ ደቂ ከበሳ ዝኾኑ ክርስትያን ድማ ንምንታይ ደኣ
ንዓና፡ ኣብ ክንዲ ብገዛእ ርእስና እንሓድር፡ ሓማሴን ሰራየን ኣከለ
ጉዛይን ኣብ ትሕቲ መራሕነት ኣስካዕዳ /ሻዕባ/ ጌርምና? ብዝብል
ክዕዘምዝሙ ጀመሩ። ራእስታት ጀብሃ ንዝኾኑ ደኾን ሽግር
ክፈትሑ ከለዉ፡ መጀመርያ ጥቕሞም ርእሶም ስለዝረኸብዎ፡ እቲ ነገር

ምስ ብሕታዊ ረብሓኦም ተሳማሚዑ ዝኸይድ እንተኾይኑ፡ ዘምጽኦ ሳዕቤን ግዲ ስለዘይገበሩ፡ ነዓኣቶም ዝመስል መራሒ ምስረኸቡ፡ን ሽግር ናይ ኤርትራውያን ንምፍታሕ፡ ንክርስትያን ክፍሊ ሂብና ክርስትያናዊ ሓለፋ እንተገበርናሉ'ውን ክዝሕሉ እዮም ብዝብል ቋንቋን ትንታነን ካብተን ኣርባዕተ ክፍልታት ኣብ መወዳእታ ወታሃደር ኣውጺኦም፡ ካብ ሳልሳይ ክፍሊ ኣውራጃ ሓማሴን ፈሊዮም፡ ሓደ ሰዓቢኦም ዝኾነ ክርስትያናዊ ሓለፋ ብምሃብ፡ ሓሙሽተ ክፍሊ ኣብ ናይ 1966 ዓ.ም ፈ. ኣቑሙ። ነቲ ቅድሚ ዓመት ዝገበርዎ ጌጋ ተመሊሶም ክንዲ ዝእርምዎ ኣብ ርእሲ ጌጋ፡ ጌጋ ወሰኹ።

ሠ/ ሃይማኖታዊ ቅልውላው።

ኣብ ርእሲ ኣርባዕተ ክፍልታት ሓሙሻይ ክፍሊ ምውሳኽ ዓሌታዊ ፍልልይ ተማሃሩ፡ መለት ስለዝኾነ ነቲ ዝነበረ ሽግር ክፈትሕ ኣይከኣለን። ከምቲ ደጊምና ዝጠቐስናዮ መራሕቲ ጀብሃ ዝወስድዎ ዝነበሩ ስጉምትታት ግድሳዊ ኣፍራዮት ዘይብሉ፡ ኣብ ሃይማኖት ዓሌታውን ኣውራጃውን ባልኦ ብምኹ ዝኣመሰሉ ድሑር መትከላትን ዝተመርኮሰ ጸረ ህዝባዊ ቅዲ-ኣማት ስለዝነበረ እተን ዝመቓቐላ ሓሙሽተ ክፍልታት መምስ ኣንጻራውነታተን ብሃይማኖታውን ዓሌታውን ዝኾነ ካብ ሃገራዊ ጉዳና ዝረሓቐ መስመር ሒዘን ክኸዳ ጀመራ።

እቶም መራሕቲ ክፍልታት ዝኾኑ ሰባት፡ ካብ መጀመርታ ብሃገራዊ ንቕሓ ዘይተንስኡን ዘይበሰሉን ብምንባሮም፡ ብረሃጽ ህዝብን ንብረትን እናተበለጹ፡ ኣብ ሓድሕዶም እናተዋደዱ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሃገርን ሰልፍን፡ ሓሙሽተ መግዛእትታትን ሰልፍታትን ፈጠሩ። ኣብ ዲክታተርነቶም ዝካየድ ዓቢ ሓይሊ ንምድኻብን፡ ንዲክታቶርነቶም ዝኸውን ርእሰማል ንምጥራይ፡ ሰብኣዊ ሕልና ዘይፈልጦ ናይ ዓመጽ ተግባራት ምፍጻም ጀመሩ። ኣብ ሓጺር እዋን ብሕታዊ ድልየቶም ንምርካብ፡ እቲ ኣብ ልቦም ዝነበረ ሃይማኖታዊ ፋናቲዝም ደረት ክገብርሉ ብዘይምኽኣሎም፡ ንመመኸኒታ ሓደ-ክልተ ዓዲ ቀደም ዝጸንሐ ናይ ሓደ-ሓደ ዓሌታት ደምን ሕነን ኣተንሲኦም "ህዝቢ ክርስትያን ጸላኢና እዩ፡ ህዝቢ ከበሳ ጸላኢና እዩ። ህዝቢ ክርስትያን ምስ ኢትዮጵያ እዩ፡ እናበሉ ስምዒቶም እናግሃዱ፡ ናይ ሃይማኖት ቅልውላው ንምትንሳእ ተዓጥቀ።

ድሕር'ዚ መራሕቲ ብብወገኖም፡ ነቲ ዝነበሮም ሓይልታት ኣብ ጋንታት መቓቒሎም ሃብትን ጥሪትን ህዝቢ ክርስትያን ክዘምቱ ኣዘዝዎ። በዚ ትእዛዝ እዚ መሰረት፡ እተን ኣብ ቆላ፡ ሰራየን፡ ገምገም ዓንሰባን ዝነበራ ሓይልታት ሳልሰይቲ ክፍልን፡ ቀዳመይቲ ክፍልን፡

ኣብ ህዝቢ ቁጣ፡ ሰራየን፡ ገምገም ሓማሴን፡ ብቡኣዋኑ እና
ተዘምታ ተኸብኪበን ናብ ዙርያታት ከሰላ /ሱዳን/ ዝኣተዋ ክብቲ
ጥቓ ዓሰርተ ሽሕ ተገምጊመን። ብዘይካ'ዚ እውን ናይ ሰላማዊ
ህዝቢ ኣገዳሲ ነደደ። ገንዘብን ንብረትን ህዝቢ ተዘምተ። እቶም
ጥሪቶም እናተዘምተ፡ ንብረቶም እናበረሰ ትም ክይበሉ ዝተቓወሙን፡
ዝተማጐቱን፡ ብዙሓት ዜጋታት ብግፍዒ ተቐቲሉ፡ እዚ ግዕዙይ ዘይሰብ-
ኣዊ ተግባር፡ መዓር መዓር እናጠዓሞም ስለ ዝኸደ ንማንም ግራይ፡
ካፍር እናበሉ ብደም ሰብ ሰኺሮም ኣብ ሰንበር ዝተገሀለ በታ ኣብ
ሓሙሳ ንላዕሊ ዝኾኑ ገገር ሓረስቶት ብኣረሜናዊ ግፍዒ ቀተሉ። በዚ
ጥራይ ክይኣኸለ ምዝማትን፡ ምቕታልን ናይ ሰላማውያን ደቀባት እና
በርተዐ ከደ። እንዳራሴታት ጀብሃ በቲ ዝዘመትዎ ገንዘብ ጥሪት
ህዝቢ ሓደ ዓቢ ረእሰማል ስለ ዘጥረዩ፡ ኣብ ሃገር ሱዳን ንባይቶ
ብምስራሕን፡ መካይን ጽዕነት ብምግዛእን፡ ዘይነበሮም እናተመርዓዉ፡ ዝ
ነበሮም ድማ ክልተ ሰለስተ እናመርዑ፡ እቲ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ብ
ግፍዒ ዘቕተልዎም ዝወሰድዎ ዝነበሩ ገንዘብ ኣብ ሃገር ሱዳንን
ኣብ ሃገራት ኣዕራብን፡ ሃብቲ መደለብን፡ ንብረት መጥረይን መዘመድን
መስከብን ኮይኑ።

እዚ ኣኹይ ተግባራት እናበርተዐ ምስ ከደ፡ በሪሁ ዘይተ-
ገልጸ ዝነበረ፡ መለክዒ መራሕቲ "ጀብሃ" ንጹር ተገልጸ። እቶም እን-
ዳራሴታትን፡ ዓበይቲ ሰብ ስልጣንን፡ ንህዝቢ ኤርትራ ብኤኮኖሚን፡ ብ
ፖለቲካን፡ ብሓይሊ ብምጭቋንን፡ ኣብ ኤርትራ ዕቡይ ደርቢ
ሕብረተሰብኣዊ ጉጅለ ኮይኖም። እቶም ኣብ ትሕቲ መሪሕነቶም ዝ
ነበሩ ወተሃደራት "ጀብሃ" ከም መሳርሒ "ጀብሃውያን" እንዳራሴታት ናብ
ናይ ገንዘብ ግዝኣት ተለወጡ። ብሓፈሻ "ጀብሃ" ከም ሓይሊ ጠንቂ
ሕብረተሰብኣዊ ሓይሊ ኣብ ኤርትራ ኮነት። እቲ ኣብ ትሕቲ ጭቆና
ሃይለስላሰ ጥራይ እየ ዘሎኹ እናበለ ንናጽነት ዝጋደል ዝነበረ ህዝቢ
ኤርትራ ድማ ኣብ ትሕቲ ዝፈልጦ ጭቆና "ጀብሃ" ወደቐ፡ እዚ ምስ
ኮነ -- እቲ ብናይ ዝግፋዕ ዝነበረ ህዝቢ ክበሳ፡ እቲ ንናጽነቱ
ኢሉ ዝድግፎ ዝነበረ ሓይሊ፡ ሓይሊ ጭቆና ኮይኑ ስለ ዝተረኽበ ካብኡ
ክርሕቕ ጥራይ ዘይኮነስ ክቃወም ሃቀነ። ጭቆና ሃይለስላሰ ነዚ
ምቹእ ኩነታት ከም ዓቢ ዕድል ገመቶ። ነቲ ለፍ ዝብሉ ዝነበሩ ናይ
ሃይማኖት ስብከት ፍልልይ፡ ምስክር ስለ ዝረኸበሉ፡ ነቲ መጻምዲ ዝሰ
ኣነ ህዝቢ ብረት ሂቡ ኣንጻር "ጀብሃ" ክምዝሰለፍ ገበሮ። በዚ ዕጥቕ'ዚ
ኣንጻር "ጀብሃ" ክታኾስ ድማ ግድን ኮይኑ። እንዳራሴታት "ጀብሃ"
ነዚ ኩነታት'ዚ ሽለል ብምባል ጥራይ ዘይኮነስ፡ ገድላዊ ፍታሕ ንኣብ
ክንዲ ምድላይ፡ ብረት ዝሓዘ ህዝቢ እዩ፡ ብዝብል ምኽንያት፡ ናይ

ዘመተን ቀትለትን ተግባሮም ብምቕጻል ነቲ ግጭትን ፍልልይን ከምዘ-
ኽፍኦ ገበርዎ። እቲ ነገር ካብ ሃገራዊ ጉዳይ ኣዚዩ ርሒቑ ናብ ሃ
ይማኖታዊ ምስሕሓብ ምስ ከደ እቶም ኣብ ጀብሃ ዝነበሩ ተጋደልቲ
ብሓፈሻ ሃፀ ስለዘየብሎም በቲ "ናቶም የሕመም" ዝብል መትከል ጀብሃ
ውያን፡ እቶም ኣብ ሓሙሽቲ ክፍሊ ዝነበሩ መብዛሕትኦም "ክርስት
ያን" ዝኾኑ ተጋደልቲ ብዝያዳ ክግደሱሉን ክሓምሉን ጀመሩ።

ነዚ ናይ ጸይቂ ተግባር'ዚ ተቓውሞ ኣብ ሜዳ ጥራይ ከይ
ኣኽለ ጥርዓኖም ንኽስምዑ ናብ ከሰላ ንትዮም ኣብቲ ቤት ጽሕፈት
ቀሪቦም፡ ኣብየት ኣብየት ኣብ ዝበሉሉ እዋን፡ ናይ ከሰላ ቤት ጽሕፈት
ነቲ ሽግር ቅድሚ ምፍታሑ፡ ነቲ ኣብ ሱዳን ተፈጢሩ ዝነበረ ዘይምዕ-
ቃውላው ምኽንያት ብምግባር ነቶም ክጠርዑ ዝመጹ ተጋደልቲ ንሜዳ
ክወርዱ ትእዛዝ ኣማሓላለፈ። እቶም ጠራዕቲ ነዚ ትእዛዝ እዚ ክፍጽ-
ጸሙ ኣብ ከሰላ ኣብ ዝጸንሕሉ እዋን ብሰብ ስለባን መንግስቲ ሱዳን
ተኣሲሮም ብዙሕ ስለዝተገሳጨዉ፡ ናብቲ ኣብ ከሰላ ዝርከብ ቈንስል
ሃይለስላሰ ኢዶም ሃቡ። ንመመኽንይታ እናወሰኹ እንደራሴታት "ጀብሃ"
ኣብ ሜዳ ዝተረፉ ክርስትያን ቀተሉ ዝብል ትእዛዝ ብምትሕልላፍ ካብ
ሚእቲ ንላዕሊ ዝኾኑ ተጋደልቲ ደቂ ከበሳ ብዘይ ሓደ ገበን ብግፍዒ
ኣብ ሽንጥሮታት እናኣተዉ ቀተልዎም። በዚ ግዕዙይ ኣማራርሓ'ዚ፡
እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝተኣዕለ ጭኮና ናብ ውሽጢ ወተሃደራዊ ሰልፊ
ኣንጸባረቐ። ኣብ ውሽጢ "ጀብሃ" ሃይማኖታዊ ግጭት ኣጋበርተዐ ከደ።
ድሕሪቶም ዝተቐትሉን ኢዶም ናብ ጸላኢ ዝሃቡን ተጋደልቲ ደቂ ከበሳ፡ ንብ
ምሉእ ሰራዊት ጀብሃ ብቝጽሪ ኣዓብዕ ዝፍቅዱ ውሑዳት ጥራይ ተረፉ።
ከምኡ'ውን ሓድሽ መናፍሕ ፕሮፓጋንዳ ጸላኢ ነቲ ዝነበረ ኩነታት እናጋነነ
ብዘጉልሖ፡ ህዝቢ ከበሳ ብሓፈሻ እቲ ዝነበሮ ህርፋን ዛሕቲሉ ን"ጀብሃ"
ብሕማቕ ዓይኒ ክሪኦ ጀመረ።

እዚ ኩሉ ጸይቱን ከቢድ ግፍዕን፡ መዋእል ዝወሰዶ ይመስል፡
እንተ-ኾነ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ካብ መወዳእታ 1966 ክሳብ መወዳእታ
1967 ዝተገብረ ጥራይ ምኻኑ ምዝካር ብዙሕ ዘገርም እዩ። 1967
ተወዲኡ፡ 1968 ምስ ጀመረ እቲ ብእንደራሴታት "ጀብሃ" ኣብ ርእሲ ህዝብን
ጥረቱን፡ ንብረቱን ዝግበር ዝነበረ ናይ መቕተልትን፡ ግፍዕን፡ ዘመተን ተግባራት
እናኸፍአን እናገደደን ከደ። ርእሰማላውያን "ጀብሃ" ኣብ ከሰላ ኮፍ ኢሎም
ናይ ዝተሸጠ ከብቲ ገንዘብ ምፍቃድ ግዙ ክወስዱ ስለዝጀመረ፡ ስርሖም ኣብ
ሱዳን ኮፍ ኢሎም ክዋፈሩ ጀመሩ። ወተሃደራት ግን ካብ ህዝቢ ከብቲ
ዘሚቶም ንከሰላ ኣብጺሖም ምምካስ፡ ተመሊሶም ምዝማቶም ኩነቶም፡ ንየው
ነጀው በሉ። ንሳቶም እዚ ዝርሃዎም እንተመሰሉም፡ ህዝቢ ስቡ እናኻረሖን፡
ተቓውሞኡ እናበርተዖ ይኸይድ ነበረ።



ተጋደልቲ፡ ህ·ግ·ሓ·ኤ ምስ፡ ሸማግለታት፡ ዓዲ፡ ክመያየጡ፡ ከለዉ።

ረ/ ተሓጺብካ ሩብ ጥቓ ።

እዚ ነገር'ዚ ዘተሓሳሰቦም ተጋደልቲ፡ ፍታሕ ናይቲ ዝማበር ዝነበረ ጸይቂ፡ እንታይ ክኸውን ከም ዘለዎ ካብ ምሕሳብን ምምጋብን ዓዲ ኣይወዓሉን። ወግሐ ጸብሐ ነዚ ሃይማኖታዊ ፍልልይ'ዚ ዘንቃሳቕስ ሓይሊ፡ ሓይሊ ጸላኢ ስለ ዝኾነ፡ ነዚ ሓይሊ'ዚ ምቅዋም ገድላዊ ሓላፍነቶም ከምዝኾነ ዝተገንዘቡ፡ ብዙሓት ተጋደልቲ ስለዝነበሩ፡ ኣተሃናንጻ "ጀብሃ" ካብ መሰረቱ ንምእራም ተዓጥቁ።

እቲ ብ1965 ዓ.ም.ፈ ዝተገብረ ናይ ክፍልታት ምምቓል ገድላዊ ስለዘይነበረ፡ ናይቶም ሓሙሽተ እንድራሴታት ዲክታቶርነት ተቓዊምካ፡ ነቲ መሳርሒ ኮይኑ ዝነበረ ሰራዊት "ጀብሃ" ኣረዲእካን ኣለሚርካን ኣብ ትሕቲ ሓደ መሪሕነት ምምዋር፡ ዋና ፍታሕ ኮይኑ ስለዝተረኽበ፡ ካብ ብዙሓት ንጹሃት ተጋደልቲ ናብዚ ዕላማ'ዚ ንምብጻሕ ብርቱዕ ጻዕሪ ተገብረ ። ራእሳታትን፡ እንድራሴታትን "ጀብሃ" እዚ ስጉምቲ'ዚ ኣንጻር ድልየቶም ስለዝነበረ፡ ኣበርትዖም ። ድሕሪ ናይ ትሽዓተ ወርሒ እቲ ኩናተን ክርክራት ንምስማር ዝተገብረ ተጋድሎ፡ ብምሉኡ ክይተዓወተ፡ ሰለስተይን፡ ራብዓይን፡ ሓሙሻይን ክፍልታት ምስ ሓይልታት መደበር ታዕሊምን ረዲኦትን ሰሚረን፤ ቀዳማይን፡ ካልኣይን ክፍልታት ግን ብዝነበርኦ ተረፋ።

ናይ ምእራም ንቕሎ ሓደ ስጉምቲ ወሲዱ ብመስከረም 1968 ዓ.ም.ፈ. ሰለስተ ክፍልታት ሰሚረን፡ ብሓደ መሪሕነትን ብሓደ ስምና ኣናሰርሓ፡ ብወታሃደራዊን ፖለቲካዊን ስጉምትታት ብጽቡቕ እናግስገሳ ከለዋ፡ ሓደ-ክልተ ናይ ራእሳታት "ጀብሃ" ኣራኩር፡ በተን ዘይሰመራ ክልተ ክፍልታት ገይሮም ብርቱዕ ተቓውሞ ይገብሩለን ከምዝነበሩ፡ ዝዝከር እዩ። ኣሱ ጥራይ ዘይኮነ'ውን ብዙሓት ተጋሉ ቁርበት በጊዕ ተኸዲኖም፡ ኣብ ውሽጢ ናይዘን ዝጠቐስናየን ሰለስተ ክፍልታት ስምረት ሰሊኾም ከምዝነበሩ'ውን ዘይርሳዕ እዩ ። ብዝኾነ እዚ ስጉምቲ'ዚ ምስ ተወሰደ፡ እቲ ልቡ ዝሓረረ ዝነበረ ህዝቢ፡ ልቡ መሊሱ ናብ'ዚ ሰልፊ'ዚ ንምስታፍ ክገብ ዝነበሮ ክውሕዝ ጀመረ፡ ንውራ'ኺ ህዝቢ ክበሳ፡ ብፍላይ ድማ ህዝቢ ከርከቢያን ብዝበዝሑ ክሳተፍ ጀመረ ።

ግስጋሴ ናይዚ ሓይሊ'ዚ ንተበለጽቲ "ጀብሃውያን" ጥራይ ኣስጊኡዎም ኣይተረፈን፡ ንመንግስቲ ሃይለስላሴ'ውን ነዚ ክይፍንቀል ሓይሊ ንምድኻም፡ ብሓይሊ ሰራዊትን ብስለላን ኣበርቲዑ ብምዝባጥ፡ ታሪኻዊ ዝኾነ ዘይጠፍእ ስጉብኦት ገደፈሉ።

እዚ ሓይልታት'ዚ ነቲ ዝነበረ ጸይቂ ንምጽራይን ንምእራምን ዝጸሓፍ ንቕሎ ድኣ እምበር፡ ኣብ ገድላዊ መሰረት ዝተተኸለ ፖለቲካዊ መትከላትን ሕጋጋትን ስለዘይነበሮ፡ ኣቶም ቁርበት በጊዕ

ሰቢኦም ዝሰለኹ ተበለጽቲ ብጾላኺ ዝስድድ ዝነበረ፡ ናይ ስለላ ኹናት መመኽንዪታ ብምግባር፡ ክርስትያን ክይበዝሑ ብዝብል፡ ድሑር ሃይማኖታዊ ኣታሓሳስባ፣ ሓዲስቲ ወተሃደራት ምኽታብ ክልኩል ክምዝኾነ ዝገልጽ ኣዋጅ ኣወጀ።

እዚ ቀሊል፡ ናይ ዕግርግር ሰበብ ኮይኑ፡ ኣብ ውሽጢ ናይቲ ዝ-ሰመሮ ክፍልታት ምምሕዳር፡ መርዚ ተነዝሐ። እቶም ኣብቲ ዘይሰመሩ ክልተ ክፍልታት ኮይኖም፡ ምቹእ ግዜ ዕግርግር ንምርካብ ዘማዕድዉ ዝነበሩ ጕሒላታት፣ እዚ ኣብ ውሽጢ ዝሰመሩ ክፍልታት ዝተረኽበ ዘይ-ምቅዲዉ፡ ከም ዕድል ወሲዶም "ፋሕ-ፋሕ ኢሎም ከለዉ ኢና ካዘንጊዕና ክንዕወተሎም"፡ ብማለት ንስምረት ናይ ኩሉ ሰራዊት ዝተዓጥቁ ተመሲሎም ከውደኽድኹ ጀመሩ'ሞ፡ እቲ ካብ መጀመርታ ስምረት ናይ ኩሉ ሓይልታት "ጀብሃ" ዝትምነ ዝነበረ ተጋዳላይ፡ ሓቂ መሲልዎ ተሰማሚዑ. ኣብ ዓዲብሳ ዝበሃል ቦታ ተኣኪቡ፡ ምስተን ተሪፈን ዝነበራ ክፍልታት ድሕሪ ምስማር "ቀያዲ ኣልዓማ" ትብሃል መሪሕነት መረጸ። ካብዚ ዓመት እብዘይመልእ ግዜ፡ ቅድሚ መስከረም 1970 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ንክራኸብ ተቛጸረ።

ለ/ ክልኣይ ምዕራፍ ግፍዒ።

ወዲ ድሙ ነይገድፍ ግብሪ-ኸሙ፡ ከምዝበሃል፡ እቶም ናይ ሃይማ-ኖታዊ ኹናት ዕድል ስኢኖም ዝነበሩ፡ ሃይማኖታውያን (ፋናቲስትስ)፡ ምቹእ ግዜ ረኺቦም፡ ስልጣን ምምሕዳር "ጀብሃ" ኣብ ኢዶም ምስ ወደቐ ነቶም ብናይ ሃይማኖት ዓሌት ዝርእይዎም ዝነበሩ "ክርስትያን ተጋደልቲ" ንምሕራድ እጅግኦም ክስብስቡን፡ ግሁታቶም ክስሕሉን ጀመሩ። እዚ ንምግባር ነቶም ምስኦም ስልጣን መሪሕነት ለቢሶም ዝነበሩ ተቓወምቶም ምእካይ፡ ናይ መጀመርያ ስጉምቲ ግርም ስለ ዝገመትዎ "ንሽዱሽተ" ካብ ኣባላት "ቀያዲ ኣልዓማ" ኣሲሮም ኣብ ትሕቲ መሪር ናይ ማእሰርቲ ግፍዒ ኣወደቕዎም። ቀጺሎም ነቲ ገድሊ ንምእራም ንነዊሕ ዓመታት ህርድግ፡ ዝብሉ ዝነበሩ ኵርትሮውጊ ተጋደልቲ፡ "ኪዳን ክፍለን፡ ወልደዳዊ ግደይን"፣ "ነዞም ብርቱዓትን ለባማትን እንተይን ቀቲልና ዝተረፉ ኣባይ ክይበጽሑ" ብምባል ኣብ ማእከል ከሰላ ቀተልዎም። ቀጺሎም ኣብ ክሽ እኽትዮም ኣብ ታክሲ ጺዒኖም ናብ "ሓፋር" ዝተባህለ ቦታ፡ ክጥሕፍዎም ክኸዱ ከለዉ እቲ መንገዲ ሓጐጽጓጽ ስለዝበርትዖ፡ ሬስኦም ኣብ ማእከል ጽርግያ ወዲቑ ተረፈ።


ድሕሪ ሞት ናይዞም ጀጋኑ ሰማእታት፡ ከምቲ ናይ 1967 ዓ.ም.ፈ፡ ኣብ ሜዳ ዝነበሩ ክርስትያን ኣኪብኩም ቕተልዎም ተባሂሉ፡ ካብ 200 ንላዕሊ ዝኾኑ ንጹሃት ተጋደልቲ ተሓሪዶም ተደርበዩ። ካብ ክልተ ሚእቲ ዝበዝሑ ድማ ነፊጾም ንጸላኢ ኢዶም ሃቡ። ኣብ ርእሲ "ንግባር ክርስትያን ቕተሎ" ኢሉ ዝተዋህበ ትእዛዝ፡ ሓገዝ ምእንቲ ክኸውን "ማሊሽያ"

ብዝበለ ጕልባብ፡ ትርጉም ማሕበራዊ ንዘይፈልጥ ህዝቢ፡ ብረት ኢና ዓዱሉ ኣብ ሞንጎ ብዙሓት ናይ ክርስትያናን ኣስላምን ወገናት ዝነበረ ብሉጽ ሓድነት ከናተግብሮ ናብ ክበሳ ወዲኦም ህዝቢ ከብዝኣኽበሉ ብምግ-ታት ምድርባይን መትርየስ ምፍታሕን፡ ሽለማት ደቂ ኣንስትዮ ብምግፋፍን፡ ብዓቢ ግፍዒ ተፈጺሙን ይፍጸምን ኣሎ። በዝን ካልኦት ብዝኸፍኣ-ን ናይ ግፍዒ ተግባራት ኣቶም ኣብ"ጀብሃ" ዝነበሩ ክርስትያን ተ-ጋደልቲ ብሓፈሻ ክምብሓድሽ ዝቕተልን ዝተሰለሙን ኰይኖም ጠፍኡ።

## በ/ እንታይ ይሓይሽ።

ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት፡ ብትውልዲ ክርስትያን ብምዃንካ፡ ብኻልኦ ጸገማት ምሕረድ ይሓይሽ? ኢድካ ንጸላኢ ምሃብ? ንየናይ ይጥዕም?

ብኢድ ሃይማኖታውያን ፋናቲስት ምሟትን፡ ብኢድካ ናብ ጸላኢ ምሃብን፡ ክልቲኡ ሞት እዩ። ክልቲኡ ሕማቕ እዩ። ክልቲኡ መሪር እዩ። ካብ ክልቲኡ ሓደ ክትመርጽ ስቕ ምባል ኣብ ብልሒ መላጽ ካፍ ምባል ማለት እዩ። ካብ ክልቲኡ ሓደ ካብ ምምራጽ ግን ኣብ ብልሒ መላጽ ካፍ ምባል ይሓይሽ። እምበኣርከስ ክቡር ኣንባቢ! ኣቶም ኣብ ብልሒ መላጽ ካፍ ክንብል ዝመረጽና ንሕና ኢና። ካብ ብኻራሩ ፋሺስት ጀብሃ ምሟት ካብ ናብ ኢትዮጵያ ምህዳም፡ ኣብ ብ-ልሒ መላጽ ካፍ ክንብል ዝመረጽና ንሕና ኢና። "ኣብ ኩናት ዘይወዓለ በሊሕ" ከምዝበሃል፡ ኣብቲ ንሕና ዘይወዓልናዮ ዘይወዓለ እቲ ንሕና ዘሕለፍናዮ ናይ ስጋን ሕልናን ስቓይ ዘይፈተኑ ወይ ድማ ዘይረኣዩ፡ ብዙሕ ይዛረቡን፡ ይሓምዩናን ይኾኑ። ሓቂ'ዶ ድማ፡ ንሕና ካብቲ ፋሽሽታዊ ምምሕዳር "ጀብሃ" ድኣ ኢና ዝተፈለና እምበር፡ ካብ ተጋደልቲ ኣይኮንናን። ኣብ ውሽጢ ሰልፊ ኤርትራውያን፡ ሃይማኖታውን፡ ዓሌታውን፡ ወገናውን ...... ወዘተ ፍልልይ ከህሉ ጽያፍ እዩ። ብሓለፋ ከም ተጋደልቲ መጠን፡ እዝን ካልእን ዝኣመሰለ መርዚ ኤርትራውያን ሕብረተሰብን ክንጻረኣን፡ ክንድምስሶን ድኣ እዩ ዝግባእ እምበር፡ ንሕና ኣብነት ናይ ፍልልይ ክንኸውን ኣይግባእን እዩ። ጕዳይ ሃገር እናበልካ እንታ ሰጕጕካ ግን እንታይ ይገብር? ንናይነት እናበልካ እንተጨቆንካ እንታይ ይገብር? እዚ ንተጋደልቲ፡ መልሲ ቀሊል እዩ፤ ከምዚ ኢልና ምእካብና ንህላውናና ሃይማኖታዊ መልክዕ ይህብ ይኸውን፤ ካብኡ ሓሊፍና ግን እንታይ ዘይገበርና? እቲ ንበይንና ክንፍለን ክንእከብን ዝገደደና፡ መሪር ኩነታት ድኣ እዩ ዘሕዝነና እምበር እዚ ዘሎናዮ ኩነታት ፈጺሙ ኣየሕዝነናን እዩ። ምኽንያቱ ቀዳማይ ሃይማኖት፡ ሃገርናን ህዝብናን ከምዝኾነ ንፈልጥ ኢና። ተጋደልቲ እምበር ሰበኽቲ ወንጌል ኣይኮንናን። እዚ ክንገብር



ተጋደልቲ፡ ህ·ሓ·ሓ·ኤ ነቲ፡ ህዝቢ፡ ናይ፡ ሕቶውስ፡ ሐገዝ ክበርክቱ፡ ከለው።

ዘገደደና ፡ ገድላዊ እምነት እምበር ፡ መንፈሳዊ ስብከት ኣይኮነን። እዚ ምግባርና ድማ ሓቦን ቅንዕናን ፍቕሪ ሃገርን ኢና ንቖጽሮ።

## ንሕና ተጋደልቲ ድኣምበር ነቢያት ክርስትና ኣይኮናን።

ኣብ ኤርትራ ዝርከብ ህዝቢ ብዘይካ ውሑዳት ሃይማኖት ዘይብሎም ፡ ህዝቢ ኤርትራ ፍርቂ ኣብ ክርስትና ፡ ፍርቂ ድማ ኣብ ምስልምና ከምዝኣምን ክንክታዓሉ ኣይንደልን። መራሕቲ ጀብሃ ሃገራዊ ዕላማና ኣብ ክንዲ ምግላጽ ፡ ህዝቢ ኤርትራ 80% እስላም ፡ 20% ድማ ክርስትያን እዩ እናበሉ ፡ ይጽሕፉን ይዛረቡን። ኣብ ክንዲ ብስም ህዝቢ ኤርትራ ብስም ኣስላም እውን ክምዝጠብቕ ኣጸቢቕና ንፈልጦ ኢና።

ንሕና ከም እንኣምነሉን ፡ ከም እንፈልጦን ፡ ህዝብና ብምልኡ ከም ካልኦት ህዝብታት ዓለም ተጨቆንትን ይጥቆንን ከምዘሎ፡ እቲ ንደልዮ ድማ ሓርነት ናይ ህዝብናን ብምሉኡ ናይ ጭቁን ህዝቢ ዓለምን እዩ። ኣብ ኤርትራ ክንደይ እዮም ኣስላም? ክንደይ ድማ ክርስትያን ኣይገድሰናን እዩ። እዚ ነቶም ወንጌልን ቁርኣንን ዝዕድሉ ይግደፎም። ኣብ ኤርትራ ኣስላማይ እንተተጨቆነ ፡ ጭቆና ናይ ኤርትራውያን ፡ ክርስትያን እንተተጨቆነ'ውን ጭቆና ናይ ኤርትራውያን ብሓፈሻ እዩ። ጭቆና ሃይማኖት ይፈሊ እዩ ኣይንብልን ኢና።

ኣብ ኤርትራ ኣስላም ጥራይ ሓራ ንምውጻእ ዝግበር እንተሎ ተቓወምቱ ኢና። ኣብ "ጀብሃ" ክርስትያን ንምጭቋንን ንምዕማጽን ፡ ዝግበር ዓሌት እንተደኣ ኣሎ እውን ተቓወምቱ ኢና። ናይ ዝኾነ ይኹን ዓይነት ጭቆና ተቓወምቲ ኢና።

ንሕና ክርስትያን ኮይና ተሓሲቕና ከይብሉና ብምባል ፡ ክርስትያን እንተጨቆኑ ኣዒንትና ኣዓሚትና ስቕ ኣይክንብልን ኢና። ክንቃወም ኢና። እንቃወሞ ድማ ጭቆና ስለዝኾነ ደኣ እምበር ናይ ሃይማኖት ጠበቓታት ኮይና ኣይኮነን። ከይብሉና ኢልና ሓላፍነትና እንርስዕ ተጋደልቲ ኣይኮናን። ኣብዚ ነቶም ብሃይማኖት ዝግደፉ ኣህዛብ ፡ ወይ ሃገራት ክነብርሆ ንፈቱ፡ ኣብ ኤርትራ ዝርከብ ህዝቢ ብሃይማኖት ክፋፈል ፍርቂ ፍርቂ እዩ። ክርስትያን ኣብ ኣብያተ ክርስትያናቶም ፡ ኣስላም ድማ ኣብ መስጊዶም ፡ ናይ እምነቶም ሓርነት ከምዘሎ ነረጋግጽ። እቲ መራሕቲ ጀብሃ 80% እናበሉ ዘውርይዎ ስብከት ሓሶት ምዃኑ ክርዳእ ንዝደሊ ድማ ፡ ኣብ ኤርትራ ክዛወር እንተዘይ ግዳም ታሪኽ ኤርትራ ካብኡ ነዘኻኽሮ።

ተጋድሎ ሃገራዊ ንቕሎ ድኣ ኣምበር ፡ ናይ ጅሃድ ተጋድሎ ወይ ናይ መስቀለውያን ንቕሎ ኣይኮነን ። ከምኡ ዝመስሎም ሰባት ኣንተይኖ ኣሕዋም ክኣረሙ ፡ ብሓሶት ዝሰርሑ ኣንተይኖ ኣሕዋም ከቋርጹ ኣና ኣዘኻኽርና ፀኣንቲ ክርስትና ወይ ምስልምና ኢሉ ዝወሃብ ሓገዝን ደገፍን ፡ ንዓና ዋጋ ከምዘይብሉን ከምዘይ ፍልየናን ፡ ነቶም ዝህቡ ድማ ክሳራ ከምዝኾነ ክነረጋግጽ ንፈቱ ።

ነቶም ሃይማኖት ከም መሳርሒ ገይሮም ክብለጹ ዝደሊዩ ኤርትራውያን ድማ ፡ ብሓሶት ነውሪ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ቅድሚ ታሪኽ ህዝቦምን ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ዓለምን ጸሊም ታሪኽ የመዝግቡ ከምዘለዉ ነፍልጦም ። ንተጋደልቲ ህዝብናን ንተጋደልቲ ህዝቢ ዓለምን ድማ ፡ ንሕና ኣብ ሃይማኖታዊ ፍልልይ ዘይንኸይድ ፡ ንሓንቲ ኤርትራን ሓድነት ህዝቢ ኤርትራን ፡ ኣንጻር ጭኮናን ኣንጋደል ከምዝኾና ኣናዘኻኽርና ፡ ብሃይማኖት ንዝሰርሑን ንዝሸቅጡን ተበለጽቲ ሓቢሩ ምሳና ክኹንዎም ነማሕጽን ። ኤርትራውያን ኣምበር ኣዕራብ ኣይኮናን ።

ዓረብነት ከም ሓደ መጣልዒ ወረቐት ብምግባር መራሕቲ "ጀብሃ" ብዘይካቶም 20% ዘይኮኑ ሓበሻ 80% ካብ ህዝብና ካብ ዓረብ ዝውለድ ህዝቢ እዩ ። ሃገርና ሃገር ዓረብ እያ ። ቋንቋና ዓረብኛ እዩ ። ከምቲ ንምስልምና መሸቀጢ ገይሮም ዝሰብኩሉ ንዓረብነት እውን ሰሊሖሙሉን ዩሰርሑሉን እዮም ። ብጂኦግራፊካዊ ኣቀማምጣ ኤርትራ ኣብ ሰሜን ምብራቕ ኣፍሪቃ እትርከብ ናብ ዓረብ ዓለም ቀረባ ዝኾነት ሃገር እያ ። ካብ'ዚ ኣቀማምጣ እዚ ዝተላዕለ ኣብቲ ኣንጻር ሃጸያውያን ዝግበር ተጋድሎናን ተጋድሎ ህዝቢ ዓለምን ፡ ገድሊ ኤርትራ ኣህጉራዊ ተጋድሎ ብምዃኑ ፡ ኣብ ሰለፍ ማእከላይ ምብራቕ እቲ ከምዝኾነ ፡ ገድላዊ ሓላፍነት ጥራይ ዘይኮነስ ፡ ስትራተጂካዊ ኣድላይነት ከምዝግድድ ዝተረጋገጸ እዩ ። ኣብ'ዚ ሰለፍ'ዚ ምስ ኣሕዋትና ኣዕራብ ክንጋደል ኣንክሎና ፡ ገድላዊ ንቕሎናን ሓላፍነትናን ፡ ስትራተጂካዊን ኩነታት ተጋድሎናን ስለዝፈቕዶ ድኣ እምበር ኣስላም ወይ ኣዕራብ ስለ ዝኾና ፡ ኣብ ዓረባዊ ተጋድሎ ኣቲና ኣህጉራዊ ተጋድሎና ምርሳዕ ማለት ኣይኮነን ።

ህዝቢ ኤርትራ ኣስላም ዩኹን ክርስትያን ፡ ብናይ ቅውም ሓረግ ምስ ኣዕራብ ዝምድና ከምዘለዎ ማንም ኣይስሕቶን እዩ ። ህዝቢ ኤርትራ ግን ቅድሚ ኩሉ ፡ ኤርትራዊ ድኣ እምበር ዓረባዊ ከምዘይኮነ ክንገንዘቦ ይግባእ ። ንሕና ግን ብሕብሪ ምስ ዝመሳሰሉና ኣህዛብ ክንጋደል ፡ ወይ ብባሕሊ ምስ ዝዛመዱና ኣህዛብ

ክንኃይል ኢና፤ ሓብራዊን ዓሌታዊን ተጋድሎ ኣንተይካ ኣርእዩ ግን ሕብሪን ዓሌትን ዘይንፈልጥ ዘይንጽበጽብን ተጋዳልቲ ስለ ዝኾና ተቓወምቲ ኢና። ዓረብነት ወይ ተጋድሎ ናይ ኣዕራብ፡ ኣብ ሕብርን፡ ዓሌትን፡ ሃይማኖትን ዝተመርኮሰ ኣንተይኑ ኩይኑ፡ ንሕና ሕብርን፡ ዓሌትን፡ ሃይማኖትን ዘይንፈሊ ኤርትራውያን ከምዝኾና ነፍልጥ። ከምኡ እውን ቋንቋ ሓደ መሳርሒ መሳፍንቲ "ጀብሃ" ስለ ዝኾነ «ህዝቢ ኤርትራ ቋንቋኡ ዓረብኛ እዩ፡ ካልኦት ከም በዓል ትግርኛ ትግረ.....ወዘተ ድማ ኣለዋ»፡ እናበሉ ይዛረቡ እዮም። ብዙሓት ቋንቋታት ህዝቢ ኤርትራ ዘይፈልጡ፡ እውን ይታለሉ ይኾኑ። ብዛዕባ ቋንቋታት እቲ ኣብ መጀመርያ ጽሑፍና ሂብናዮ ዘሎና መብ- ርሂ፡ መሳፍንቲ "ጀብሃ" ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ንፈደራዊ ውክልታት'ኳ ብሩሩ ክይፍንዎ እንተዘይከኣሉ እቲ ዝተምነይዎ ነገር ኣብ ግብሪ ንምዕዋት ጸዒሮምን ይጽዕሩን ኣለዉ። እዚ ኩሉ ዓዕሮም ድማ ኣብ ኤርትራ ዝርከብ ቋንቋታት ኣጥፊእካ ዓረብኛ ጥራይ ሃገራዊ ቋንቋ ንምግባር እዩ። ኣብ ውሽጢ "ጀብሃ" ቋንቋ ትግርኛ፡ ከምኡ እውን ካልኦት ቋንቋታት ተዓምጺጸን ከምዘለዋ፡ እቶም ኣብ ውሽጢ ዘለዉ እምበር፡ ካልኦት ኣጸቢቖም ኣይፈልጥዎን ይኾኑ። ፋናቲስትስ "ጀብሃ" ትግርኛ ክሰምዑ ርእሶም ከምዝሓምሙ፤ ሕሉፍ ሓሊፎም ዝተወሰኑ ቋንቋ ረሲዖም ሓኪኪምን ዓረባውያን ክኾኑ ዝተምነዩ ሓደ-ሓደ ዓያሹ ከምዘለዉ ዘይስሓት እዩ።

ኣብዚ ክንፈልጦ ዘንዳሊ፡ ብፍላይ ንህዝቢ ዓረብን፡ ሃገራት ዓረ- ብን፡ ንሕና ጽልኢ ዓረብኛን ዓረብን የብልናን፤ ታሪኻዊ ዝምድና ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብዚ ዘሎናዮ ክፍለዘመን፡ ስትራተጂካዊ ዝምድና ከምዘለና ከምዘድልየና፡ ንርድኦን ንደልዮን ኢና። እዚ ክብሉ እንኮሎ ግን ካብ ህዝቢ ዓረብን መንግስታት ዓረብን፡ ዘድልየና ሓገዝ ንምርካብ፡ ወይ መራሕቲ ንምድሳት፤ ቋንቋታትና ደምሲስና፡ ቋንቋታት ኣይንሸይጥን ኢና። ወይ ኣይፈልጡናን እዮም ኢልና ንታለሎም በሃልቲ ኣይኮናን። ሓቂ እዩ ክሽርፍሉ ዝፍትኑ መንደላ ሓቅቲ ብዙሓት እዮም። በዚ ምኽንያት እዚ እውን ብዙሓት ኣዕራብን መንግስታታቶምን ካብ መራሕቲ "ጀብሃ" ብዝሰነቕዎ፡ ቋንቋ ኤርትራ ዓረብኛ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ድማ ዓረብ እዩ፡ እናበሉ ይዛረቡን ይጽሕፉን፡ ኣብ ወረቓቕቲ ጂኦግራፍ ይስእሉን እዮም። ኣዕራብ ነይ[illegible]፡እንተንኽውን፡ ወይ ድማ ቋንቋና ዓረብኛ ነይሩ እንተ ዝኸውን፡ ኣዕራብ ኢና ምባል፡ ወይ ብዓረብኛ ምዝራብ ኣይ- ምሓፈርናን ነይርና። ኤርትራውነትና ክንጠልም፡ ቋንቋና ካብ መልሓስና ክንሓክኽ ስለ ዘይንኽእልን ዘይንደልዮን፡ ሓቂ ንምዝራብ ድማ ዘሕፍረና ነገር የልቦን።

- ኣብዚ ዘሎናዮ ክፍለዘመን፡ ብዙሓት ኣህጉራውያን ቋንቋታት

ኣለዉ። ኣብ ኣህጉራዊ ጉዳያት ክንዛረብ ምስ እንደሊ እውን ብዙሓት ኣህጉራውያን ወይ ሰፋሕቲ ቋንቋታት ክንፈልጥ ኣድላዪ እዩ። ንህዝብናን ሃገርናን ምስ ዓለም ኣነፋልጠሉ መንገዲ ግን ቋንቋኹ ኣማዕቢልካ፡ ብቋንቋኻ ምስ ኣነስተምህሮን ኣነ ፍልጦን ድኻ እምበር፡ ቋንቋ ባዕሊ ተለቂሕና ብእኡ ክንምሃርን ክንቀስንን ምስ እንጽዕር ክብ እንዛረበሉ ቋንቋ፡ እዚ ቋንቋ'ዚ ይሰፍሕ፡ ካብዚ ቋንቋዚ ዝሓይሽ ኣናበለና፡ ቋንቋታት እናመረጽና ክብ ክንብል ምስ እንፍትን ከም ሸቃጦ ባዕዳውያን ቋንቋታት ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣብ ክንዲ ሓደ ስጉምቲ ንቅድሚት፡ ሽሕ ስጉምቲ ንድሕሪት ተመሊስና ሓደ ኩነታት ከለዝቀጽር፡ ካብዚ ድንጋታዊ ጉዑዞ'ዚ ምቕጣብ ይሓይሽ።

ኣብ ኤርትራ ማዝኣት ጥልያን ቋንቋታትና ደምሲሶ፡ ቋንቋኦ ክስተምህር ፈቲኑ እዩ። እንግሊዛውያን እውን ቋንቋኦም ኣስፋሕፊሖም እዮም። ኣብዚ ዘሎናዮ ሓዲሽ ጥኹና እውን መንግስቲ ሃይለስላሰ፡ ቋንቋታትና ደምሲሱ፡ መጻሕፍትና ኣቃጺሉ፡ ቋንቋ ኣምሓርኛ፡ ከስፋሕፍሕ ጀፊትን ኣሎ። እቲ ጅግና ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ካብዚ ዝኣመሰለ ምስፍሕፋሕ ግን ንጽቢቑ ተቓዊሙዎን ይቃወሞን ኣሎ። ብዙሓት ኤርትራውያን እውን ብስደትን ንትምህርትን ኣብ ብዙሓት ሃገራት ዓረብን፡ ዓለምን ብምሉኡ ኣስፋሕፊሖም ይርከቡ ኣለዉ። ኩሉ ካይድዎ ናብ ዝነበረ ሃገር ብዘይምጽኦ ቋንቋ ተዛሪቡን፡ ተመሃሩን፡ ታዓለሙን ምስ ዝብል ግን፡ ተጋደልቲ ኣይትኹኑ፡ ሃገራውነትኩም ደምሲሱ መዓለት ስለ ዝኾነ ኣይንቕበሎን ኢና። ኣብዚ ደጋጊምና ከነዘኻኽሮ እንደሊ፡ እቲ ዝሕግዘናን ምሳና ዝትሓጋገዝን ህዝቢ ይኹን፡ መንግስቲ ምእንቲ እንጎደሎ ዘሎና ቅንዕ ሃገራዊ ንቕሎ ይሕግዘና ደኣ እምበር፡ ምእንቲ ዘይናትና ክሕግዘና ዝዕጠቕ ዘበለ ኩሉ፡ ሓገዙ ዘይናትና ስለ ዝኾነ ኣይንቕበሎን ኢና። እቶም ንህዝቢ ኤርትራን፡ ቋንቋኡን፡ ባህሉን፡ ታሪኹን ዘይፈልጡ፡ ክሕግዙና ዝደልዩ ህዝብን መንግስታትን ድማ ሃገርናን ህዝብናን ንኽፈልጡ ኣብ ሃገርና ኤርትራ ንኽዘሩ ንዕድሞም።

ንብሉ ብዝተረፈ፡ ካብ ሓሰውቲ ሽቃጦ ብስነቕዎ ጸብጻብ ዝምርሖ መንግስታት መሰልን ክብርን ኤርትራውነትና ይግህሱ ስለ ዘለዉ፡ ካብ ካብዚ ዝኣመሰለ ስጉምትታት ክቖጠቡ ንማሕጸን፡ ኤርትራውነትና ግሂሶም፡ ብሕቶታዊ ድልየቶም ከስፋሕፍሑ ህርድግ ዝብሉ መንግስታት ምስ ዝህልዉ ግን፡ ኤርትራውነትና ንምኽባር ዘልጣ ዘይንብል ቀራጽነት ክምዝኾና ክነረጋግጽ ንፈቱ።

ንሕዝብና ህዝቢ ኤርትራ፡ ክነረድኦ እንደሊ፡ ነቶም ብስም እስላም ኢና፡ ኣዕራብ ኢና፡ ቀደሓት ኢና፡ ክብድሮት ኢና፡ እናበሉ፡

ዝሽቅጡን ዝጣልዑን ጕሒላታት፡ ኤርትራውነቱ ንኸፍልጦም ሓላፍነቱ ከምዝኾነ ንምዝካር ጥራይ ዘይኰነ፡ ነቶም ኣደገፍትና ዝኾኑ መንግሥታት ዘታልሉ ዘለዉ ለፈለፍቲ፡ ኤርትራውነትካ ለዊጥካ ዝረኸብካ ሓገዝ፡ ንንቕሎና ዝጐድእ ኣምበር፡ ዝጠቕም ስለ ዘይኰነ ካብ ሓሶት ከምዝቑጠቡ ንምግባር እዩ።

## ዓሌታውያን ወገናውያን ኣይኰናን።

ኣብ ህዝብና ይኹን ኣብ ሰልፍና፡ ተበለጽቲ "ጀብሃውያን" ንናይ ገዛእ ርእሶም ጠቕሚ፡ ዓሌታውን፡ ወገናውን ፍልልይ ኣናገበሩ፡ ንህዝብና ኣብ ማእለያ ዘይብሉ ጉጅለታት ከፋፊሎም ጥራይ ዘይኰነስ፡ እቲ ንፍልልይ ዝግበር ጻዕሪ እውን ይቕጽል ስለ ዘሎ እቲ ጉጅለታት ኣናጸበበን፡ ኣናበዝሐን ናብ ጐደቦታትን ማይቤታትን ክይሰግር ዘስግኡ እዩ። መራሕቲ ጀብሃ ንህዝቢ ኤርትራ ከምዚ ጌሮም ምምቕቃሎም፡ እቲ ዝመቓቕልዎ ዘለዉ፡ «ናትና! ናትና!» ኣናበሉ ዝመናጠሉ፡ ዓሌታትን፡ ወገናትን ረብሓ ኣይኰነን። እቲ ካብዚ ዝጥቀም ዘሎ እቲ ሓደሓደ ተበላጺ ጕጅለ ኣምበር ካልእ ኣይኰነን።

ንረብሓ ናይ ውሑዳት ክንብል፡ ንህዝብና ኣብ ጭኵና ኣውዲቕና፡ ትም ምባል ሕሰና ስለዘይፈቕድ፡ ብሃገራዊ ጉዳይና ኣብ ክንዲ ምግዳስ፡ ኣብ ናይ ዓሌታዊ ምስሕሓብ ተናዊጽና ካብቲ ቅኑዕ ክንዝንብል ስለ ዘይንደሊ፡ ነቶም በዚ ዕላማ'ዚ ዝሰርሑን ዝብሰጹን ተቓወምቶም ኢና። ኣብ ውሽጢ ሰልፍና፡ ናይ ዓሌታዊ ሸርነት ኣናገበርካ፡ ብዓል እከለ ምሳይ ኣለዉ ኣናበልካ ሓይልኻ ኣህጢርካ ንምርካይ ዝግበር ናይ ሸርነት ውድድር እውን እና ማዕበለ ክኸይድ ንርኢ ስለ ዘሎና፡ ሸርነት ናይ ዓሌታት ዘይንደሊ ከምዝኾንና ነቶም ብዓሌታዊ ሸርነት ተሸይጦም ከም ኩሕሊ መልክዕ ክንኮኖም ዝፈተኑን ዝፍትኑን ሰባት ነብሶም ክይተዓሻሸዉ ኣናዘኻኸርና፡ እዚ ካበይ እዩ? እዚ ወድመን እዩ? ሸርነትና ናይ ንጹሃት ተጋደልቲ እንሃርፍ ከምዝኾና ጥራይ ክነፍልጦም ንደሊ። _

## ዕላማና።

ናብ ዕላማና ንምብጻሕ ዘሎና ናይ ስራሕ መደባት ብቕዱምነት ምስ ተጋደልቲ ኤርትራውያን ክንዝተየሉ'ሁ እንተኾና፡ ናይ ዕላማና ዝርዝር መግለጺ ኣብ ካልኣይ ጽሑፍና ክሳብ እን

ገለጽ ዕላማና ብሓጺሩ፡ ንሰብ ብሰብ ዝጠበር ናይ ኣኮነሚን ፖለቲካን ጭኮና ዘይብሉ ሕብረተሰብ ንምፍጣርን፣ ብሕርሻን ብኢኮነሚን፡ ብትምህርትን፡ ምዕብለትን፡ ሃብታምን ሃገር ንምዕቛምን፣ ናይ ሃይማኖትን፡ ዓሌትን፡ ወገንን ጾታ ፍልለይ ከይገበርካ ሕቡር ኤርትራዊ ሰለሬ ሃኒጽካ፡ ምስ ህዝቢ ዓለም ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ ምስ ኣብ ኣፍሪቃን ኤስያን ላቲን-ኣመሪካን ዝርከቡ ገስገስቲ ህዝብን መንግሥታትን ተጋድሎታትን ተሓጋጊዝካ፡ ነቲ ብኣመሪካ ዝምራሕ ዓለማዊ ሃጸይነት ምውዳቕን፡ ንእስራኤል ምድምሳስን፣
ብመጀመርያ ካብ ጭኮና ኢትዮጵያ ሓራ ንምውጻእ ከዕጥቁ ብረት ምግዳል እዩ።

ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ!
ዓወት ንተጋደልቲ ህዝቢ ዓለም!
ዕድመ ንተጋደልቲ ኤርትራውያን!
ጭኮና ኢትዮጵያ ይደምሰስ!
ውድቀት ንሃጸያውያንን ጽዮናውያንን መድሓርሓርትን!

1. In memory of all Eritrean Martyrs !
2. Our martyrs the foundation of our country's liberation !
3. No alternative for Eritrea's full independence !
4. Eritrea - Eritrean freedom forever
5. All for Eritrea - Eritrea for all
6. Long live the ELA and EPLA !

Thanks !
T.H.D.

15 FEB 1986

15 FEB
…UNION OF ERITREAN STU…

# ዓምዲ ቃላት ::

**ሓፋሽ** = ተራ ሕዝቢ ብምልኡ (masses)

**ሕሉፍ ጸጋም** = ነቲ ግቡእ ናይ ለውጢ ስልትታት ከይተኸተልካ ግጉይ መንገዲ ወሲድካ፡ ፍር ሒልካ መሰረታዊ ለውጢ ንምምጻእ ምፍታን ::(left extrimism)

**ሕብረ ጥበባት** = ናይ ማእከላይ መዋእል ናይ ኣብያተ ዕዮ ማሕበራት

**መንደሳሓቒ** = ሸተት በሃልቲ፡ ምእንቲ ክብለጹ ካብ ቁንዕ መተባብል ዘምበልቲ ::

**መስፈኒ ርእሲ ማላዊ** = ናይ ርእሰ ማላውነትን መስፍንነትን ኤኮኖሚያዊ ቅዋሙን ባህርዩን ዝተሓናፈጸሉ ናይ ምስግጋር ሕብረተ-ሰብ

**ምስፋፍ** = ኣብ ልዕሊ ማይ ምኻድ :: ጸብለል ምባል :: (to sail)

**ምዉት ዕዮ** = ዕቑር ዕዮ :: (stored up labor)

**ማእቶት** = እቶት ንምርካብ ዝግበር ሓፈሻዊ መስርሕ ::(production)

**ረቋሒ** = ገባሪ :: ሰያሚ :: (factor)

**ርሂጽ በላዕ** = ብርሃጹም ዝነብሩ (ሸቃሎን ገባሮን) -the toiling people-

**ቀቢላ** = ጉሳ፤ ሓደ መበቆል ወለዲ ዘለዎም፡ ሓደ ቋንቋ ዝዛረቡ ዓሌት :: (tribe)

**ባህረ-ሓሳብ** = ፍልስፍና (philosophy)

**ተልእኮ** = ዝይተርፍ ግቡእ ዕማም (mission)

**ተነጽሎ** = ካብ በታኻ ብኻልኦት ሰባት (ሓይልታት) ምፍላይ -(alienation)-

ትሕት ቅዋም = ስረት፣ ናይ ኤኮኖሚ መሰረት (infrastructure)

ነገርነት = ህላዌን ምዕባለን ናይ ሓደ ኣካል ኣብ ናይ ውሽጡ ባህርን ኩነታትን ዝተመስረተ ምዃኑ ዝገልጽ ንህረ-ሓሳብ :: (materialism)

ኣምር = ቅዉም ኣተሓሳስባ :: (concept).

ኣኽመውዝ = ሻምቡቆ (ተበረት)

ዓርሞሽሽ = ሓያል :: ዋሕሻ

ዓቀይቶት = ጭዋ ዘይኮኑ ፡ ባሮት ኣውን ዘይኮኑ ሰባት፣ ኣይተወፈሩ ኣይመሳፍንቲ :: (Plebians).

ዝተፋንኑ = ዝፋጠጡ (confronting)

ደርማስ - ግዙፋን ሓያላን ኣካል (jiant)

ገላዉ = ጊላታት

ገነታዊ = ክንቱ ጽቡቕ ትምኒት :: (utopian)

ግዳይ = ዋቐዐ :: (victim)

ጥብቆ = ንእሽቶ ዝተላገበት ነገር :: (appendix)

ሬቕ = ኣዝዩ ዓቢ ቆፎ : (silos)

ብልሃታት - ሓዲሽ ሓሳብ ዝምህዙ ወይ ሓዲስ ነገር ዝምህዙ

- creatives, inventors -